#DEFYHATENOW

# የመስክ ስራ መመሪያ

## የማህበራዊ ሚዲያ የጥላቻ ንግግር መከላከያ

## ኢትዮጵያ

ሞጁል 1

ሁለተኛ እትም 2017

https://defyhatenow.org
ethiopia@defyhatenow.org

©2025 r0g_agency for open culture and critical transformation gGmbH Berlin
Concept: r0g_agency gGmbH Berlin, Stephen Kovats & Susanne Bellinghausen

**መምርሒር መረዳእታ ኣከብቲ ኣርኪተክግደት፦** ኬንዲ ጂኩንዳ እና ብሌን ገብረህይወት ደስታ
**መምርሒ መረዳእታ ኣከብቲ ፀሓፍቲ + ኣርታእቲ፦** ካሮላይን ፓትሪክ፣ ኬንዲ ጂኩንዳ እና ሳራ ቡዳርዝ
**ናይቲ ትካል መካየዲ ስራሕ ኣብ ሃገረ ኢትዮጵያ፦** -ኣይተ ብሩክ መዝገቡ
**መምርሒ መኣከቢ ዓውደ-ፅሑፋዊ ኣዳላዊ ኣማኸርቲ፦** ኤደን በሪሁን፣ ኣበሰሎም ሳምሶን፣ ርሆቦት ኣያሌው፣ ማቲያስ ኣሰፋ እና የምስራች የትነበርክ
**መምርሒ መረዳእታ ኣከብቲ ኣመርቲፅዋታት፦** ጆዲ ሮዝ እና የምስራች የትነበርክ
**ንድፊ ኣቀማምጣን መምርሒ፦** የምስራች የትነበርክ
**መምርሒ መረዳእታ ኣከብቲ ኣብ ኢትዮጵያ ምድላዉናይቲ መጽሓፍ ስእልታት፣ A2-ፖስተራትን ንድፋፅዋታት፦** የምስራች የትነበርክ
**መምርሒ መረዳእታ ኣከብቲ ህየሳከይዲ ኣመራርሓ፦** ይበልጣል አሰፋ
**መምርሒ መረዳእታ ኣከብቲ ዓውደ-ፅሑፋዊ ጉጅለ ዳግመ ምርመራን፣ ሃየሳን፦** መሀመድ አሊ፣ ህይወት አሸናፊ፣ አቤል ዮናስ፣ ተስፋዬ ይመር፣ አንተነህ ሰይፋ፣ አብዱራዛቅ ነስሮ፣ ቆንጂት ዘውዴ፣ ኤደን ወርቃለማሁ፣ ተመስገን ቢረዳ፣ አሰፋሽ ከተማ፣ ሳራ ገዛኸኝ (MD)፣ ሰላም ገብረመድህን፣ እልልታ ሞላ እና ሃና አድማሱ
**የመስክ መመሪያው ነባረዊ ትርጉም ገምጋሚዎች፦** ባልቻ ቢርቢሳ ጂማ_አፋን ኦሮሞ፣ ኃይለመለኮት ታደሰ_ትግርኛ፣ ቴዎድሮስ አለማየሁ _አማርኛ
**ትርጉም፦** ሰላም ነጋሽ [ሰላም ስራሕቲ ትርጉም ኣገልግሎት]፣ ተርጎምቲ - ፍቕረስላሴ የማነ፣ ተሰማ በቀለ ፣ ጥላሁን ሸዋየ

የ#defyhatenow የማህበራዊ ሚዲያ የጥላቻ ንግግር የመስክ ስራ መመሪያ በሼር አላይክ 4.0 አለም አቀፍ ፍቃድ ያለው የጋራ የፈጠራ ውጤት ነው።

የ#defyhatenow የማህበራዊ ሚዲያ የጥላቻ ንግግርን የመከላከል እንቅስቃሴ የr0g_ኤጀንሲ ፎር ኦፕን ከልቸር ኤንድ ክሪቲካል ትራንስፎርሜሽን gGmbH በርሊን ሲሆን፣ ኢትዮጵያ ውስጥ ካሉ ተባባሪዎች ጋር የሚተገበርና በአውሮፓ ህብረት የገንዘብ ድጋፍ የሚደረግለት ነው።

Print ISBN: 978-3-949253-12-6
EBook ISBN: 978-3-949253-13-3

ኢትዮጵያ፣ ሁለተኛ እትም፣ 2017

#defyhatenow
https://defyhatenow.org/ethiopia/
https://www.facebook.com/defyhatenowethiopia/
https://www.instagram.com/defyhatenow_ethiopia/

Funded by the European Union



# መእተዊ



*ከም ሓደ ታሪክ ነጋራይን ዕውት ኣፍረካው ኣብ ዲግታላዊ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣብ ዲግታል ዓልም ናይ ተሳታፋይነት ዕድልን ከምኡ ውን ተሳታፋይነት ኣብ ሲቪካዊ ትካላትን ካብ ለቢ ዝነቀለ ነመንነት ደቂ ሰባትን ከምይ መንነት ደቂ ሰባት ኣብ ዕለት ተዕለት ናብርኦም ብመዳይ ምርጭኦም ነማሕበረሰቦም ዘለወም ወገናውነት ከመ ኡውን ብጠቅላላ ነት ማሕበረሰብ ይፀለው ኣብ ዝበል ኣፍልጦ ክህብ ይደሊ። ስለምንታይ ኣብ ምስ ሚድያታት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣካላትን መናእሰይን እንትንሰርሕ ብግለፂ እንርድኦ ነገር እንተሃለወ መንነት ምንጪ ኩርዓትና ንማሕበረሰብና ዘለና ውግንናን ዓላማን መካኑ እዩ። አዚ ኮነ ኢልካ ወይ ብግዲየብለይን እንተዘይተጠቂምካሉ ድማ ዘላቂ ዝኮነ ዘይምለስ ተነፅሎ ከስዕብ ዓቅሚ ኣለዎ። ስለዚ ኣብ እዋን ሰላም መንነት*


ሓደ ንደቂ ሰባት ኣዝዩ ዘጠናክሮም ገመድ እንትከውን ብኣንፃሩ ኣብ ግዜ ጎንፂ መንነት ንባዕሉ ነቲ ማሕበረሰብ ከም መሳርሒ ተጠቂሙ ሕድ ሕዶም ከይሳነዩ ብምግባር ከም ጉዚ ስጋ ክቆራርፆም ተክእሎ ኣለዎ እዩ።

ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ዓለምና ምስ ኣብ ኣገዳዲ ዝኮነ ናይ ኢንተርነት ዘመን ኣብ እትነብረሉ ዘላ ግዜ ኣብ ኢትዮጵያ መመረሒ መረዳእታ ኣብ ኣንፃር ቃልሲ ፅልኢ ዘረባ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ብመሰረቱ እዚ መምርሒ መረዳእታ ብወሳኒ  መለክዑ ካብ ኣገዳስነትን ተሓላላካይነት ባህሪ እቲ ዋና ጉዳይ ዝረሓቀ ኣይኮነን። የግዳኣስ ብዝተክኣለ መጠን ህንፀት መንነት ብዝምልከት ከመይ ገይሩ ካብ ልደት ጀሚሩ ክሳብ ዕብየት ምስ ስድራን ማሕበረሰብን ባህሊ ሃይማኖት ቃንቃን ትምህርትን ከምኡ ውን ክሳብ እታ ሕዚ ዘለናያ ናይ  ማሕበራዊ ሚድያን ኢንተርኔት ዓለምን ፅዕንቶኣን ዝርኢ ኮይኑ ንረክቦ። ኣብ ዝሰመረ መፅማድ ስነ ጥበብን ህንፀት ሰላምን መሰረተ ብምግባር ኣብ ቀፃሊ ዝኮነ ተስፋ ዘለዎ ብሩህ መገዲ ብምካን ምስ ስርዓተ ፆታን ፆታዊ ጥቅዓትን ከምኡ ውን ሕቶታት ስነ ኣእምሮኣዊ  ምዝብዓትን ንምፍታሕ ይፅዕር። ቀንዲ ክነኣድን ክምጎስን ዘለዎ ነገር  ኣብዚ ከይዲ ስራሕ እንተሃለየ ድማ ከመይ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብዝተሓባበረ መልክዑ ሰላም ንምህናፅ ይተግሁ ዝብል ይከውን።

እዚ መምርሒ መረዳእታ ኣትኩሮቱ ኣብ መራሕቲ ማሕበረሰብን (ዓበይቲ ዓዲ መራሕቲ ሃይማኖት መናእሰይ መራሕቲ) ሚድያን ኣገዳስነት ኣፍልጦ ሓበሬታ ከመ መሰረት ንምፍላይን ንምፍታሕን ናይ ፅልኢ ዘረባ ክፍተት ሓበሬታን ተበግሶታት ጥቅዓትን ካብ ኣብ ኢንተርኔት ዝመሰረቱ ዝገበረ ናይ 21 ክፍለ ዘመን ዓለምን ብውፅኢቱ ድማ ካብኦም ንዝፈለቁ ፀገማትን ጉድኣታትን ኣብ ግምት ኣእትዩ ዝሰርሕን እዩ።

ኣብዚ ሐዚ ሰዓት እንድሕር ዳኣ ኣብ ፅቡቅን ዝጠቅምን መዓላ ውዒሎም መናእሰይ ልዕሊ ዝኮነ ይኩን እዋን ብኣጠቃቅማ ኢንተርኔት ኣብ ዝዓበየ ደረጃ ይርከቡ። ብመሰረት እቲ መምርሒ መረዳእታ መናእሰይ ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ በቀፃልነት ናይ ለውጢ ሃወርያ ኮይናም ካብ ዝፃወትዎ ንላዕሊ ምክንያት ወነንቲ ሰበ ፍሉይ ክእለትን ዓቅምን ምካናም ብወሳኒ መልክዑ ኣብ ምምይያጥ ዝኣመን ሓቃፋይ ዝኮነ ኣገባብ ዝወናኑ እዮም። ከምቲ ዝፍለጥ ስነ ጥበብ ብተፈጥሮ ዘይተበረዘ ምሒር ፀገም ናይ ምሕካም ናይ ምንፅብራቅ ከምኡ ውን ድሕሪ ፀገም ምፍጣሩ ሓዘኔታን ጣዕሳን ንምግላፅ ውን ከም ሓደ መነገዲ ንጥቀመሉ ኢና። ትያትር ትረካ ሙዚቃን ስእልነ ካበቶም ዓይነታት ፍሉየ ክእለት እነሪኣሎም መዳያት እዮም። ኣብ ዝተገማምዐ ማሕበረሰብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ናይ ስነ ጥበብ መዳያት ንዳግመ ዕርቅን ህንፀት ሰላምን ፍቱናት መስርሓት እዮም።

ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ኣብ ማሕበረሰብ ዘሎ ፍልጠት ኢነተርኔታዊ ተሓታትነትን ፅንዓት ማሕበረሰብን ኣንፃር ናይ ፅልኢ ዘረባን ኮነ ኢልካ ዝስራሕ ናይ ሓበሬታ መዝባዕ ተገባር ቅድሚያ ካብ ዝወሃቦም ነገራት እዮም። ስለዚ እዚ መምርሒ መረዳእታ ኣፍልጦ ብምሃብን ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ክንረክቦ ዝግባኣና ብምርካብ መፍተሐታት የዕዝዝ። ጠበቃታት ሰላም መማህራን ጋዜጠኛታት ስነ ጥበባውያን ጎጀልቲ ማሕበረ ሰብን ከመኡ ውን ዝምልከቶም ኩሎም ዜጋታት ነዚ መምርሒ መረዳእታ እዚ ከመ ግድን ክክተልዎ ዝግባእ ኣብ ከይዲ መመያየመንፀባረቒ ሓሳብ ንመፃኢ ኣወንታዊ ተግባር ክጥቀምሉ ግቡእ ይከውን።



*ዶክተር ንጋላ ዴዝሞንድ ንጋላ፣*
*የሲቪክ ዋች ካሜሩን ዋና ሥራ አስፈፃሚ እና*
***የ#defyhatenow** ካሜሩን ቅርንጫፍ*
*ስራ አስኪያጅ*

# 01

# መንነት



# ርድኢት መንነት ኣብ ኩነታት ሰላምን ጎንፅን



## ትሕዝቶ


8 ዕላማ ክፍሊታት ናይዚ ምዕራፍ
9 ትርጓመ መንነት
9 መንነትን እንታይነት ኣተሃናንፃ መንነትን
13 ተፃባኣይ ኩነት መንነት
21 ከይዲ ህንፀት መንነትን፣ ሰላምን ዕርቅን


## ዕላማ ክፍሊታት ናይዚ ምዕራፍ

*ኣብ ወዳእታ እዚ ምዕራፍ ኣብ እንታይነት መንነት ዘለና ኣፍልጦ ክብ ብምባል ኣቢልና ከምኡ ድማ ብተወሳኺ ብዛዕባ መንነት ምስ ከም ብሄር ፣ ሃይማኖት፣ ቋንቋን ከባቢን ዝኣመሰሉ ኣምራት ዘለዎ ረክቢ ይኩን ምትእስሳር ካብ ምርዳእ ብዝዘለለ ብተወሳኺ እዚ ምዕራፍ ኣብ ወሳናይነትን ተክእሎታትን ከምኡ ውን ተፅዕኖ ህልዊ ኩነታት መሰረት ዝገበረ ተለዋዋጣይነት መንነትን ሰባት ኣብ ዓርሶም ይኩን ኣብ ካልኦት ዘለዎም ርድኢት ይገልፁን ንምርኣይ ኣክኣላይ ዝኮነ ኩነናታት ዝፈጥር ክከውን እዩ።*

ስለምንታይ እንተይልና ድማ ክልቲኦም ጫፋት ማለት ውን ሰላምን ጎንፅን ብመሰረቱ ኣብ ኣረኣእያን ኣመለካክታን ደቂ ሰባት ባኣጋ መሰረት ስለዝገብሩ። መንነታት ድማ እንትጀመር ተጎራባታይ ካብ ምካኖም ዝተልዓለ ንክልትኦም ጫፋት ሰላምን ጎንፅን ብተፈጥሮ ተቃላዕቲ ብምካኖምን ኣብ ክይዲ ቀለልቲ ዝመስሉ ምትፍናናትን ምትህልላካትን ናብ ዝዓበየ ግርጭት ክሰጋገሩ ተክእሎ ይህልዎ። እዚ ብዛዕባ ተፈጥሮ ክልቲኦም ጫፋት ሰላምን ጎንፅን ካብ በልና ማዕረ ማዕረ እዞም ክልተ ኣምራት ዝኮኑ ክድህሰሱን ኣቃልቦ ክወሃቦም ዝግባእ እንተሃለወ ድማ ብዛዕባ ኣብ ከይዲ ህንፀት ሰላምን ዕርቅን ዘለና ግንዛበን ንዐኦም ንምስካዕ እንገብሮ ፃዕርታትን እዩ። ስለዚ ንስለ ዕውት ህንፀት ስላም ከምኡ ውን ቀፃሊ ጎንፅታት ንምትራፍ ባህግ እንትህልወና ኣብ ዝተፈላለዩ መንነታት ዘለው ሕሉፍ ጎንፅታትን ዘይፍትሓዊ ርክባትን ተቀራሪብካ ብምዝርራብን ብልዛብን ክፍተሑ ብምግባር እንኮላይ እቶም ኣብ ሕሉፍ ዝነበሩ ዘይምቅድዳዋትን ዘየፍትሓዊ ረክብታትን ምፍታሕ ይክእለና። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብዚ ምዕራፍ ከም ሓደ ቐንዲ ዕላማኡ ገይሩ ዝድህስሶ ሓይሊ መንነት ብምግንዛብን ወገናውነት ብኣግኡ ብምፍታሕን ናብ ዕርቅን ኣዝዩ ሰላማዊ መፃእን ክንፈጥር ኸመይ ከም ንኽእል ምርኣይ እዩ ክኸዉን።

## 1. ትርጓመ መንነት

መንነት ማለት ንሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ዝገልፅ ፍሉይ እኩብ ባህርያት እምነታትን ባህርያትን ዘመልክት ኾይኑ ውልቃውን ማሕበራውን መዳያት ዘካተተ ንውልቀሰባት ነንሕድሕዶምን ንኻልኦትን ብኸመይ ከም ዝርድእዎ ዝቐርፅ እዩ። መንነት ክልተ ስብጀክቲቭ (ንገዛእ ርእስና እንታይ ኢና ኢልና እንሓስባ) ከምኡ ውን ዕላማዊ ባእታታት (መን ምዃንካ ብመንፅር ፍሉይ ስነ-ህይወታዊ ወይ ማሕበራዊ ሓቂታት ብዛዕባኻ) ዝሓዘ እዩ። እዚ እንትበሃል ድማ መንነት ባህላዊ፣ ብሄራዊ፣ ሃገራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ፆታንማሕበረ-ቑጠባውን ሸነኻት ዘካተተ ከም ዝኾነ ዘርኢ እዩ።

ስለዚ ነዚ ድማ እዩ መንነት ንባህርያት፣ ምትእስሳርን ማሕበረሰብኣዊ ኣቃውማን ይፀልዉ እዩ ተባሂሉ ዝሕሰብን ብኡ እንትርኣ ድማ እዚ ሓቂ ኣበሃህላ ካብ ኣበሃህላ ሓሊፉ ሓቂ ኾይኑ ንረኽቦ ን። እዚ ብመንፅር ኹነታት ኢትዮጵያ እንትርኣ ድማ መንነት መብዛሕትኡ ግዜ ብሓደ ወገን ናይ ሓድነትን፣ ሕብረትን ብኻልእ ወገን ድማ ናይዚ ብተቓራኒ ከም ናይ ምፍልላይን ምብትታኽን ምኽንያት ምንጪ ኾይኑ ኣብ ታሪኽ ይኹን ናይ ቀረባ ግዜን ትርእዮታት ዝተፈጠሩ ምስሕሓባት፣ ዘይምቅድዳዉ፣ ቕልዉላዋትን ጎንፅታትን ልዑል ግደ እናተፃወተ ምኻኑ ዝይጥቀስ።

እዚ ምዕራፍ እዚ ምርድዳእን ሰላምን ንምድንፋዕ ዝዓለመ ኾይኑ መንነት ኣብ ጎንፂ ዘለ ዎ ግደ ብምስትንታን ኣተሃናነንፅኡን እንታይ ከም ዝመስል ንምርኣይ ዝዓለመ እዩ።



## 2. መንነትን እንታይነት ኣተሃናንፃ መንነትን

*ብመሰረተ ኣፈጣጥርኡ መንነት ተለዋዋጢ እንትከውን ብተወሳኺ ድማ ብዙሓት ሸነኻት ዘለዉዎ እዩ። ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ብሓንሳብ ብዙሕ መንነታት ከንፀባርቕ ይኽእል እዩ። መንነት ናብ ሓደ ረቛሒ ኣቃሊልኻ ምርኣይ ዝተሓላለኩ ተሞኩሮታት ደቂ ሰባት ዕሽሽ ክብል ዘይሙለእ ምስሊ ክህልወናን ይገብር እዩ።*

ኣብ ግዘ ቆልዕነት ከለና ንሰባት ቀልጢፍና ኣብ ፍሉያት ጉጅለታት ንምድቦም ኢና። መን ኣካል ጉጅለና ምዃኑን መን ናይ ደገ ሰብ ምዃኑን ንመሃር ኢና። ቐፂሎም ዘለዉ ተርእዮታት ብኸመይ ኾነ ኢልና ወይ ብዘይፍላጥ ነቲ ምስ ካልኦት ዘለና ኣረኣእያን ተግባራትን ዝቐርፅ “ንሕና ኣንፃር ንሳቶም” ዝብል ልምዲ ከም እነማዕብል ዘርእዩ እዮም።

- ኣካል ጉጅለ ስድራቤትና ዝኾኑ ኣለዉ ኣካል ጉጅለ ስድራቤትና ዘይኾኑ ድማ ኣለዉ።
- ሓቢርኻዮም እትፃወት ቐልዑት ኣለዉ ከምኡ ዉን ሓቢርኻዮም ዘይትፃወት ቐልዑት ኣለዉ።
- ረክቢ ኣብ ተመሳሳሊ ከባቢ ዝነብሩ ምስ ካብ ካልኦት ከባቢ በፂኦም ዝነብሩ ሰባት።
- ገሊኦም ሰባት ምሳና ሓደ ዝኾነ ሃይማኖትና ዘለዎም እንትኾኑ ገሊኦም ድማ ናይ ኻልእ ሃይማኖት ተኸተልቲ እዮም።
- ለባማት፣ በላሕቲ፣ ስልጡናት ወይ ዝተምሃሩ ኢልና እንቐፅሮም ሰባት ኣለዉ ካልኦት ድማ ከምኡ ኣይኮኑን ኢልና እንኣምኖም ኣለዉ።

*ከምኡ እናበለ ይቕፅል፡-*

እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ኣብ ንሕናን ንሳቶምን መሰረት ዝገበሩ ምጉጅጃላት ድማ ኣብ ሓደ ከበቢ ይኩን ወቅቲ ደው ዘብሉ ዘይኮኑስ ብቀፃሊ ኣብ ርእስና እናተፈጠሩ ዝቅፅሉ እዮም።

ሃይማኖታት፣ ብሄራት፣ ዓልየታትትን ቋንቋታትን ኹሎም ነዚ ንዓለም ዝረኣየሉ ኣገባብ ንምፍጣርን ንምድልዳልን ይገብሩ እዮም። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ብቐሊሉ ዝመፅእ እዩ ። ካብ መንነትቱ ዝነቐለ ንሓደ ጉጅለ ምፍቃር ወይ ምፍታዉ እኳ እከኣል እንተኾነ  ንኻልኦት መንነቶም መሰረት ብምግባር ብዝተፈላለየ መገዲ ምግላል ግን ኣብ መንጎ ውልቀ - ሰባት ወይ ጉጅለታት ዓፀበ ቐለለ ወጥሪታትን ጎንፅን ክፈጥር ይኽእል እዩ። እዚ ንምንታይ ይኸዉን? ምኽንያቱ ድማ ሰባት ካብና ወይ ካብ ጉጅለና ኣዝዮም ዝተፈለዩን ከማና ከምዘይኮኑን እንተመሲ.ምናን እንተተረዲእናን ሕማቕ ኣተሓሕዛ ምግባር ዝቐለለ ኾይኑ ስለእንረኽቦ ብምኻኑ እዩ።

ኾይኑ ግን እዚ ከምዚ እናሃለወ ካሊእ ክነስተብህሎ ዝግብኣና ዜና ብስራት ግን ኣሎ። እዚ ድማ ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእስናን ናይ ካልኦትን መንነት ብኣዝዩ ብዝተረዳእናን ዘስተንተናን ቑፅሪ ካብቲ ፍልልያት ንላዕሊ ሓባራዊ ነገራትና ንምርዳእ ከም እንኽእል እዩ። እዚ ማለት ብመሰረቱ ንሕና-ኣንፃር-ንሳቶም ዝብል ኣተሓሳስባ ብዝተኽኣለና መጠን ክንዕርዮ ኮይኑ ውን ፈፂምና ክንቅበሎ የብልናን። የግዳስ ኣብቲ እንመሳሰሎ ነገራት ኣተኩርና ብዙሕነትና ክነኽብርን ክንፈቱን ከመኡ ውን ብዝሓነትን ሓቃፋይነትን ከም መግለፂ ፅባቀና ክንጥቀሞ ንክእልን ኢና።

**ኣፅንኦት፡-** ኣብዚሕና ኣብ ዘመሳስሉና ሓባራዊ ዝኮኑ መግለፂታት ሰብኣዊ መንነትና ብዝሰራሕና ቁፅሪን መጠን እቲ ዘለና ብዙሕነት ኣወንታዊ ኣፅንኦት ብዝሃብናን ብዘድነቅናን ቁፅሪ ብሰላም ክንነብር እንኽእለሉ  ባይታ ክነጠጥሕ ንክእል ኢና።



*ነዞም ዝስዕቡ ናይ ሰብ መግለፅታት ፀባይ ወይ ፐርሰናሊቲ ኣብ ግምት ብምእታው እዞም ሲዒቦም ዘለው መዛተይ ሕቶታት ኣስላስልዎም፡-*

- ሰብ ሀ፡- ጓል ኣንስተይትን ተኸታሊት ሃይማኖት እስልምና ዝኮነት ግን ድማ ብሰላማዊ ዝኮነ ናይ ኦንላይን ኣክቲቪዝም ወይ ብሓርበኛነት ብርዒ እትፍለጥ ናይ ሶፍትዌር ኢንጅነሪንግ ተማሃሪት ኣብ ዶባዊት ከተማ ዓፋርን ትግራይን እትነብር።
- ሰብ ለ፡- ቋንቋ ኣምሓርኛ ኣፋን ኦሮሞ ከምኡ ውን ንትግርኛ ሓዊሱ ሽዱሽተ ቋንቋታት ኣፀቢቑ ምዝራብ ዝኽእል ወዲ ተባዕታይ መምህር።
- ሰብ ሐ፡- ሓደ ኣብ ከተማ ደሴ ዝነብር ፓን ኣፍሪካዊ ወይ ድማ ብኣፍሪካውነቱ ዝሕበን ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት።
- ሰብ መ፡- ሓደ ፕሮፌሰር ዩኒቨርሲቲ ኾይኑ መበቆሉ ካብ ጋምቤላ ዝኾነ ን15 ዓመት ኣብ ሃረር ዝነብር።
- ሰብ ሰ፡- ሓደ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከተማ፣ ጨርቆስ ክፍለ ከተማ ተወሊዱ ዝዓበየ ኣምሓርኛ ጥራሕ ዝዛረብ ሰብ።
- ሰብ ረ፡- ሓደ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከተማ፣ ቦሌ ክፍለ ከተማ ዝተወለደ ግን ድማ ቋንቋታት ኣምሓርኛን ጉራጌኛን ዝዛረብ።
- ሰብ ሠ፡- ካብ ኣዲስ ኣበባ ከተማ፣ የካ ክፍለ ከተማ ዝምዘዝ ግን ድማ ቋንቋታት ኣፍን ኦሮምኛን ኣምሓርኛን ፅቡቕ ገይሩ ዝዛረብ ሰብ።
- ሰብ ሸ፡- ኣብ መንጎ ድሬዳዋን ከተማ ጅቡቲን ዝነብር ጅቡታዊ ዲፕሎማት።
- ሰብ ቀ፡- ኣብ ቦሌ መድሃኒኣለም ን20 ዓመታት ዝነብር ሶማላዊ ስደተኛ ኾይኑ ዝተወሰነ ወይ ቁሩብ ቁሩብ ኣምሓርኛ ምዝራብ ዝኽእል ሰብ።
- ሰብ በ፡- ኣብ ወለጋ ተወሊዱ ዝዓበየ ኣብ ነቀምቲ ዝነብር ሰብ።
- ሰብ ተ፡- ካብ ዓዲ እንግሊዝ ናብ ኢትዮጵያዊ ድሕሪ 35 ዓመት ዝተመልሰ ሰብ።

## መዛተዩ ነጥብታት

- እቶም ገፀ ባህርያት እንታይ ናይ ሓባር ዋጋ ወይ ድማ ኽብርታት ኣለዎም?
- እንታይ ከመይን ዝበሉ ባህርያት ይገልፅዎም?
- ነንሕድሕዶም ብዝበለፀ ንዓርሶም ክገልፁ ዝኽእሉ ኸመይ ገይሮም እዮም?


**ተወሰኺ፡-** *ን5 ደቓይቕ ወሲድኹም ብዛዕባ መንነትኹምን ንሕድሕድኹም ብኸመይ ብሓደ ሓረግ ክትገልፅዎ መከኣልኩም ሕሰቡሞ ኣብ ከይዲ እዚ እንታይ ከ ቐዳምነት መሃብኩም?*

- መንነት እንትበሃል ሐደ ዓይነት ዘይልወጥ ድዩ ወይስ ተለዋዋጢ እዩ?
- ኣብ ከይዲ ዘለና መጠን ኣፍልጦ ንምምዛን ዝቐረበልና ሕቶ - ብሄር ዝተዋህበ መንነት ድዩ ወይስ መረፅኻ ትኾኖን ትቅበሎን መንነት እዩ? ዖታ ኸ?

## 2.1 Identity and Its Formation

ማሕበራዊ መንነት መሳርሒ መንነት ብዙሓት ዘጋጩ ባእታታት ከም ዝሓቖፈ ንምርዳእ ዝሕግዝ እዩ። ናይ ሓባር መዳያት መንነት ብምዕማቅ ምርድዳእ ከዓቢን ብኡ ኣቢሉ ጎንፅታት ንከመናመኑ የኽእልና እዩ።

ኣብ ብዛዕባ መንነት ዘለና ርድኢት እንትንብል ክንሓስቦ ዝግባኣና ነገር እንተሃለወ መንነት ናይ ብዙሓት ኣውማታት ውህሉል እምበር መግለፂኡ ሓደን እነኮነ ከምዘይኮነ ኣብ ግምት ከም ሓደ ነገር ዘይኾነስ ካብ ብዙሕ ነገራት ከም ዝተዋህለለ ብምሕሳብ ምስ ካልኦት እዉን ምስቶም መብዛሕትኡ ግዜ ከም ጉጅለና ዘይኾኑ ዝሓስቦም ሰባት ብቐሊሉ ተመሳሳልነት ክንረክብ ንኽእል ኢና።




*እቲ ስእላዊ መግለፂ ኣብ ክፍልታት ዝተኸፋፈለ ብዓንኬል ዘርኢ ኾይኑ ሕድሕዶም ንሓደ ክኸውን ዝኽእል መዳይ መንነትና ዘውክሉ እዮም። ብርግፅ ብዙሕ ነገራት ንመንነትና ይፈጥሩ እዮም። ካዚኦም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ድማ ካብቶም ገለ ልሙዳት ባእታታትእዮም።*

*መዘዉር ማሕበራዊ መንነት*

### መፅመጺ

- **ውልቃዊ ነፀብራቕ ሓሳብ፦** ተሳተፍቲ ብሄሮም፣ ሃይማኖቶም፣ ቋንቋኦም፣ ማሕበራዊ ብርኪታት፣ ዕድሚኦምን ፆታኦምን እናኣስተብሃሉ መዘዉር ማሕበራዊ መንነቶም ይምልኡ።
- **ናይ ጉጅለ ዘተ፦** ኣብ ኣናእሽተይ ጉጅለታት ተሳተፍቲ ኣየኖት ባእታታት ንመንነቶም ኣዝዩም ኣገደስቲ ምኳኖም ኣብ መንጎኦም ናይ ሓባር ነገራት የለልዩን የካፍሉ።
- **ማዕዳ፦** ኣብ ሓባራዊ መንነት ምትኳር ምፍልላይ ብኸመይ ክቕንስን ሰላም ከስፋሕፍሕን ከም ዝኽእል ዘትዩ።
- **ክለሳ፦** መንነት ክንገልፅ ከለና እንታይ ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ?



## 2.2 ተወሳኺ ፍልፍላት

ብዛዕባ መንነት፣ ዓርስኻ-ምልላይ ፣ ማሕበረሰብኻ ምልላይ ወይ ፈሊኻ ምፍላጥ፣ ባህሊ፣ ዓልየት፣ ጎንፂ፣ ኣብ መንጎ ወለዶታት ዝፍጠር ጎንፂ፣ ማሕበራዊ ጎንፂ፣ ናይ ብሄር መንነት ዝበለፀ ወይ ብዕምቆት ዳህሳስ ንምክያድ እንተደልዮም ከም ኣማረፂ ዝስዕቡ መስመራት ድህረ-ገፃት ከም ተወሳኺ ፍልፍላት ምርኣየይ ይኽእሉ እዮም

Ethnic Identity and Conflict | Elements of Identity in Conflict | Culture and Conflict

# 3. ተዓባኣዩ ኩነት መንነት

### ታሪኽን ዓውድን

***ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርጊ ኣብ 1983ዓ.ም ኣብ ኢትዮጵያ ዓሌት መሰረት ዝገበረ ፌደራሊዝም ዝተመስረተ ኾይኑ እዚ ድማ ነቲ ዝተሓላለኸ ብሄር-ቋንቋ ብዙሃንነት ሃገር ንምምሕዳርን ጎንፅታት ንምንካይን ከም መሳርሒ ክውዕል ዝኽእል ግቡእ መንግስታዊ መሓውር ንምርካብ ዝፈጠሮ መፍትሀ ዝነቐለ ይመስል።***

እዚ ስርዓተ ምሕደራ ድማ ንብዓሰርተታት ዓመታት ብብሄር ዝተወደቡ ጉጅለታት ዓርሰ ውሳነን ውክልናን ዝደልዩ ፖለቲካዊ ቃልስታት ስዒቡ ዝመፀ እዩ። ብመሰረት መቕድም ናይ ሽግግር ቻርተር መንግስቲ ኢትዮጵያ (1991) "ዓርሰ ውሳነ ኹሎም ህዝብታት [ሓደ ካብ] ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ህይወት ዓርሞ፣ ምሕደራዊ መትከላት ክኸውን እዩ" ክብል ይገልፅ። ናይ ሽግግር ቻርተር መንግስቲ ኢትዮጵያ (1991) ካብ ሐዚ ንደሓር ኹሎም ተፃብኦታት፣ ምትፍናንን፣ ብሄራዊ ወፅዓታት ከብቅዕ እቲ (ብሄራዊ) ቑስሊመሊኡ ንምሕዋይ ሰላምን ምርግጋእን ምፍጣር ከም ዘድሊ ኣስሚሩሉ እዩ ።

ብሄራዊ ፌደራሊዝም ኣብ ማሕበረ-ፖለቲካዊ መልክዕ ኢትዮጵያ ዘለዎ ኣድማዕነትን ፅልዋን ብዝምልከት ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት፣ ኣተሓሳስባታት ይፀባረቑ እዮም። በቲ ብሓደ ወገን ዘለዉ ስነ-ሞጎታዉያን ብሄራዊ ፌደራሊዝም ምንጋሱን ዝተፈላለዩ ድልየታት ብሄራት ከም መሰል ዓርሰ ዉሳነ ባህላውን ፖለቲካውን ውክልና ከምኡ ውን ዘይምእኹል ምምሕዳራዊ ስልጣን ከም መንገዲ ዲሞክራስያውነት ካልኦት ድማ ብሄራዊ ፌደራሊዝም ንኻልኦት ነገራት ኣብ ልዕሊ ናይ ሓባር መንነት ፍልልያት፣ ምርሕሓቓት፣ ኢሉ ዉን ኣብ ብሄራት ንዝርኣይ ምትእንናፍን ካብ መጠን ንላዕሊ ብምጉላህ ኣብታ ሃገር ኣብ መንነት ዝተመስረተ ጎንፅታት ከም ዘጋደዶ ይምጉቱ እዮም።

ኣብዚ ናይ ሓዚ ጋህዳዊ ኹነታት ኢትዮጵያ ጎንፂ ኣብ ዝተፈላለየ ብርክታት ካብ ኣብ መንጎ ሰባት፣ ኣብ ውሽጢ ጉጅለ፣ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ከምኡ ውን ኣህጉራዉን ዓለምለኻዊ ብርኪ እናተንፀባረረቐ እዩ። ናብዚ ብርኪ ክበፅሕ ዘደረኹዎ ብዙሓት ረቛሒታት እዮም። ካብኦም ንኣብነት ንምቃጥስ ዝኣክል ንኣብነት ተፈጥራዊ ይኹን ካልኦት ሃፍትታት፣ ስነ-ሓሳባዊ ፍልልያት፣ ታሪኻዊ ቅሬታታት [ምቅርሓናት] ምፍጣር፣ ዘይምዕሩይነት ስልጣንን ንመንነት ወይ ኣብ መንነት ዘንቀልቀሉ ስግኣትን ሓደጋታትን ኾይኖም ይርከቡ።

**ንመሃሃር፡-** ፌደራልሊዝም ካብቶም ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝጥቀማሎም ስርዓተ ምሕደራ መንግስትነት ኮይኑ ብሉይ ድማ ካብ ካልኦት ብዝተፈለየ መልክዑ ስልጣን ኣብ ሞነጎ ማእከላይ መንግስትን ክልላዊ ምንግስትን ዘማቅል ወይ ድማ ዘከፋፍል ዓይነት ምሕደራ እዩ። በዚ መሰረት ስርዓተ ምሕደራ ፌደራሊዝም ክልላት ዋላ ኣካል እቲ ፌደረሽን ይኩና እምበር ብወሳኒ መልክዑ ኣብ ከም ትምህርትን ቃንቃን ዝኣመሰሉ ጉዳያተን ብነፃነት ክውስና የፍቅደለን እዩ። ኣብ ዓለምና ዝተፈላለያ ሃገራት ስርዓት ፌደራሊዝም ዝክተላ እንትኮና ከም ኣርጀንቲና ካናዳ ጀርመንን ደቡብ ኣፍሪካን ድማ ብቀንዱ ተጠቀስቲ እየን።

## 3.1 ብሄር መንነት ምግባር

ብዙሓት ብሄራዊ ፌደራሊዝም ምቕባል ኣብ ልዕሊ ብሃገራዊ መንነት እቲ ብሄራዊ መንነት ኣዝዩ ትኹረት ክወሃቦ ከም ዝገበረ ይዛረቡ እዮም። እዚ ድማ ብሄራዊ መንነት (Ethnification of identity) ተባሂሉ ዝፅዋዕ ተርእዮ እዩ።

***እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ክረአ ዝኽእለሉ ገለ መንገድታት ኣሎ ካበኣቶም ድማ፡-***

- መንእሰይ ወለዶታት ካብ ምስ ሃገራዊ መንነቶም ንላዕሊ ምስ ብሄሮም ናይ ምልላይ ተኽእሎኦም ዝለዓለ እዩ።
- ንብዙሓት ገለ ማሕበራውን ጉጅለታት ዓብላሊ ናይ ምልዕዓል፣ ምብርባርን ማሕበራዊ ይኹን ፖለቲካውን ረቛሒ ኾይኑ ኣሎ።



## 3.2 ዓሴትን ብሄርን ዝመሰረቱ ፌደራሊዝምን ጎንፅን

ዓሌትን ቋንቋ መሰረቱ ዝገበረ ብሄራዊ ፌደራሊዝምን ዋላ እዉን ንዝተገለሉ፣ ዝተወፅዑ፣ ዝተፀቐጡ ማሕበረሰባት ንምሕያልን ጎንፂ ንምንካይን ዝዓለመ ዝተሃንፀ ስርዓት ይኹን ብብዙሕ መዳይ ግን ኣብ መንጎ ጉጅለታት/ብሄራዊ ጎንፅታት ንኽዓቢ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ። ***ብሄራዊ ፌደራሊዝም ብኸመይ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣብ ጎንፅታት ንኽዓቢ እንታይ ዓይነት ኣሉታዊ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ዘርእዩ ሓደ ሓደ ምርኢታት ወይ ነጥብታት ኣብ ታሕቲ ንምስፋር ተሞኪሩ ኣሎ።***

- ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ ጎንፅታት ምስ ፖለቲካውን ማሕበራውን ምትፍናናት ተፃሚዱ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት እናገደደ ብምምፅኡ ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ዝተፈላለዩ ዓይኒ ዘዉፅኡ ጥቕዓትን ምምዝባል ኣስዒቡ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዝርከቡ 4.4 ሚልዮን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተመዛበሉ ሰባት ልዕሊ ፍርቂ ብስንኪ ጎንፂ ገዝኦም ገዲፎም ተፈናቂሎም እዮም።
- መብዛሕትኦን ዓበይቲ ፖለቲካዊ ውድባት እታ ሃገር ብሄርመሰረት ዝገበራ ዉድባት ብምዃነን ብሄርተኝነት ርኡይ ወሰኽ ፖለቲካ ዕብለላ ከም ዘርኣየ ይፍለጥ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ህዝብታት ኣፈልላይ፣ ሕድሕዳዊ ምጥርጣርን ካብ ቑፅፅር ወፃኢ ክኸውን ዝኽእል ብሄርተኛዉነት ንክህሉ ሰፊሕ ስርፀት ፈጢሩ እዩ።
- ካብቲ ፈለማ ዝተሓሰበሉ ወይ ዝተዉሃቦ ወፃኢ ብሄር ዝብል ትርጓምኡ እናተቐየጠ ካብቲ ዝተመስረቶ መትከል ብተቓራኒ "ናይና" ወይ "ኣንፃርና" ዝብል ተረኽ እናፈጠረ መፂኡ እዩ። እዚ ድማ ናብ ፀግዒ ምሓዝ ወይ ድማ ፖላራይዘሽን፣ ኣድላዊ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ኣብ መንጎ ወይ ኣብ ልዕሊ "ሰፋሮ" ወይ ድማ ካብ ኻልእ ብሄር ወይ ዓልየት ተወለድቲ ኮይኖም ካብ ዝተወለድሉ ኸባቢ ርሒቖ ንዝነብሩ ኢትዮጵያዉያን ከም ጓና ሰባት ብምርኣይ ኣብ ብዙሓት ቦታታት ዝፍፀም ጥቕዓት እንትፍፀም ፖለቲካዊ መሰላቶም ክሕደጉ ካብ ዝተርኣዩ ተርእዮታት ሓደ እዩ።

**ሕተቱ፡-** ኣብ ኢትዮጵያ ዓሌት መሰረት ዝገበረ ስርዓት ምሕደራ ፌደራሊዝም ኣብ ምፍጣር ሰላም ውይ ድማ ጎንፂ ኣበርክቶ ኣለዎ ዶ ትብሉ እስቲ ብዝተክኣለ መጠን ምሰ ኣብ መንበሪ ከባቢኩምን ቤት ትምህርትኩምን ከመኡ ውን ናይ ምስ ኣብ ስራሕ ቦታ እተረክብዎም ሰባት ሓሳብኩም ኣካፍሉ።

## 3.3 ተዓባኣዩ ኩነት መንነት

*ናይ ብሄር መንነት ማለት ሓደ ውልቀሰብ ኣብ ሓደ ፍሉይ ብሄር ምኧን ዝስምዖ ስምዒት ዘመልክት ኾይኑ ኣብ ሓባራዊ ባህርያት ከም ባህላዊ ውርሲ ታሪኻዊ ተሞኩሮታት ዜግነት ሃይማኖት ቋንቋ ወይ ገፀ-መሬት መንበሪ ዝተመርኮዘ እዩ። ኣብ ኹነታት ኢትዮጵያ ብሄራዊ መንነት ተበፃሕነት ፀጋታት ፖለቲካዊ ውክልና ማሕበራዊ ብርኪ ዝረኣየሉ ብቀዳማይ ብርኪ ዝፅራሕ መነፅር እናኾነ መፂኡ እዩ።*

ኣብ ብሄር ልዕሊ ዓቐን ትኹረት ምሃብ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ዝግበር ንሕንሕ የዕብይ ጥራሕ ዘይኾነስ ውልቀሰባት ኣብ ውሽጢ ኸባቢኦም "ናይና" ወይ ድማ "ኣንፃርና" ተባሂሎም ዝምደቡሉ ናይ ምግላል ኣሰራርሓታት እውን ኣማዕቢሉ ዝብሉ ብሓደ ወገን ዝምጉቱ ከም ዘለዉ ኾይኖም ገሊኦም ድማ ብሄራዊ ጎንፂ ብብሄር ክውቀስ ኣይኽእልን። እንታይ ደኣ ኢልና እንተሓቲተትና ግን ንብሄራዊ መንነት ንነብሶም ዝሓልዩ በለፀኛታት ፖለቲከኛታት እዚ ከም መቆማሪ ፖለቲካዊ መስርሕ ብምግባሮም እዩ ይብሉ። እዚ መዋቕራዊ ቅርፂ እዚ ኣብ ኸባብያዊ ጎንፅታት ዖባዊ ክርክር ከምኡ ውን ኣብ መንጎ ውሑዳት ጉጅለታት እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ኣብ ንኡሳት ብሄራት ብፍላይ ረዚን ናይ ምግላል ወፅዓ እናኸተለ ይርከብ።

ካብ ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት ብፍላይ ኣብ ኢትዮጵያ ካብ መንነት ዝነቐሉ ወይ ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ቅሬታታት ዝተሳወረ ርኡይ ጎንፅታት ብተደጋጋሚ እናተፈጠረ እዩ። ታሪኻዊ ዳግመ-ትርጓመን ነዚ ዘመን ትንታነታትን ብምዝርግሑ ከምኡ ዉን ንሕፅረት ተፈጥሮዉን ሰብ ሰራሕን ፀጋታት ዝግበር ንሕንሕን ብሄር መስረት ገይሩ ዝተመርኮዘ ፖለቲካዊ ምልዕዓልን ነቲ ወጥሪ ክጋደድ ገይርዎ እዩ። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምልዓል ነዚ ኣብ ክንዲ ምፅባብ እቲ ኣፍልላይ ኣዝዩ ክጎልህ ምግባሩ ንጎንፅታት ዘጋድድ ብቕሉዕን ብስዉር ናይ ፅልኢ ዘረባን፣ ብነድሪ ዝተመልአ ናይ ቃላት መልውዋጥ ኣብ መድረኽ ክቐርብ እናተገበረ ትኹረት ክረክብ ገይርዎ እዩ።

## 3.4 ፅልኢ

***ኣብ ጋህዳዊ ዓለም መብዛሕትኡ ግዜ ማሕበረሰብ ዝተፈላለዩ ብሄራት፣ ሃይማኖት፣ ባህላውን ጉጅለታት ሓቑፋ ዝቐመ እዮም።*** ሓደ ሓደ ግዜ ሓደ ሓደ ጉጅለታት ብሓባር ኾናም ምስኦም ንዝነብሩ ከም ንሶም ምስኦም ክነብሩ፣ ዘይኮኑ ገይሮም ብትዕቢት ይምልከቱ ወይ ክሓስቡ ይርኣ እዩ። እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ እዚኦም ብሰንኪ ታሪኻዊ ምኽንያታት፣ ባዕዳዉያን ገዛእቲ ንመግዛእቲ ክጥዕሞም ዝመስረትዎ ወይ ዝፈልፈልዎ ኣፈላላይን ነኒ ሕድ ሕዶም ፅልኢ፣ ምቅይያም ከሕድሩ ዝፈጠርዎ ሕድገት ሽርሒ ባዕዳዊ መግዛእቲ ወይ ኣብ ቀረባ እዋን ብዝተፈፀሙ ፍፃመታት እዮም። እዚ ኣረኣእያ ወይ ሕሳበ ድማ ካብ ወጥሪ ሓለፉ፣ ዉዒሉ ሓዲሩ እናኸረረ ናብ ጎንፅታት ክዓቢ ይኽእል እዩ።

ብዙሕ ግዜ ኣብ ማሕበረሰብ ብኻልእ ጉጅለ ዝለዓል ባእታታት መንነትና ንፈልጦ ኢና። መንነትና ኣብ ምስ ሓደ ንሓደ ዝግበር ርክባት ካብዚ ሓሊፉ እዉን ብኸባቢባዊ፣ ክልላዊን ሃገራውን ብርኪ ፀገማት ወይ ኣብ ሓደጋ ክዉድቕ ዝኽእል ዝተሓላለኹ ዝክኣሉ ሳዕቤናት ክፈጥር ይኽእል እዩ።



ኣብ ጉጅለና ዘለዉ ሰባት ፈቲና ካብ ካልኦት ጉጅለታት ዝመፁ ሰባት ምፅላእ ዝርኣየሉ ማሕበራዊ ምትእስሳር እዩ ድማ ተፈጢሩ ዘሎ። እዚ ባህሪ እዚ ወገናውነት፣ ንሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ዝድግፍ ወይ ኣንፃር ዝኾነ ምድዝኮን ድማ ፅልኣት ይበሃል።

ጎርደን ኦልፖርት ዝተባህለ ዉሩይ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ፅልኢ እናሓደረ፣ እናወዓለ ሰራዉሩ እናዘርገሐ፣ እናጠጠዐ፣ እናገወደ ዝኸይድን ዝኸይድን ተግባራት ገይርካ ክርአ ከም ዝኽእል ይገልፅ። እዚ ድማ ግዘ እናወሰደ ምስ ዝኸደ ብተግባራት ማለት እዉን ካብ ቐሊል ተግባራት ንሓደ ሰብ ዘይምፍታው ክሳብ ነቲ ሰብ ምግላል፣ ኣካላዊ ጥቕዓት ምብፃሕ፣ ምውጋድ ዋላ እውን ክሳብ ምፅናት ዓልየት ምብፃሕ ዝዝርጋሕ ወይ ድማ ክዓቢ ይክእል እዩ ይብለና።

ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን ዝነበረ ኣብነታት ምፅናት ዓልየት እንተርኢና ተግባራት ወገናውነት ኣብ ውሽጢ ሒደት ዓመታት ጥራሕ ናብ ምፅናት ዓልየት ክዓቢ ከም ዝኽእል ብጭቡጥ ተራእዩ እዩ። እቲ ወገናውነት ብኸመይ ክዓቢ ከም ዝኽእል ምዕዛብ ስለምንታይ ንጐዳኢ ዘይመስል ተግባራት ወገናውነት ምስ ተፈፀሙ ብቕልጡፍ ክንምልሶም፣ ክንገርሖ ከም ዘለና ዘዘኻኽረና እዩ።


***ብዛዕባ ፅልኢ ክንሓስብ ከለና ኣብ ኣእምሮና ክንሕዞም ዘለና ነገራት እነሆ፦***

- ብዓቐበን ቐለለን ምፅልላእ ናይ ድሑርን፣ ዘይተማህረ፣ ደንቆሮነት ዝዓብለሎ፣ ኢ-ሰብኣዊ ባህሪ እዩ።
- ንፅልኢ ንምፍታሕ ዝሕግዝ ግብራዊ ኣገባብ ኣብ ጉጅለታት ዘይኾነስ ኣብ ውልቀ ሰባት ትኹረት ምሃብን ናይ ሓባር ነገራት ምድላይን እዩ።
- ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ፅቡቕ ዝስምዖም ሰባት ንኻልኦት ምጥቃዕ ኣየድልዮምን እዩ። ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእስና ሕያውነትን ለውሃትን ከነርኢ ብዝኽኣልና መጠን ንኻልኦት ከነርእዮም ንኽእል ኢና።

## 3.5 ፒራሚድ ፅልኢ

***ፒራሚድ ፅልኢ ኣሉታዊ ባህርያት ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ ብኸመይ ብዝተሓላለኸ መንገዲ ከም ዝዓቢ ዘርኢ እዩ።*** ኣብ ነፍሲ ወከፍ ብርኪ ዝረአ ባህርያት ንውልቀ ሰባትን ጉጅለታትን ኣሉታዊ ፅልዋ እኳ እንተሃለዎ ሓደ ሰብ ናብቲ ፒራሚድ እናደየበ ምስ ከደ ግን ሳዕቤኑ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ እናኾነ ይኸይድ እዩ።

እቶም ላዕለዎት ብርኽታት ፒራሚድ ብታሕተዎት ብርኽታት ዝድገፉ ወይ መገብቲ እዮም ። ሰባት ወይ ትካላት ኣብ ታሕተዎት ብርኽታት ንዘሎ ባህርያት ከም ቅቡል ወይ ከም "ንቡር" እንተቐፂሮምዎ እቶም ኣብ ዝቕፅል ብርኪ.ዘለዉ ባህርያት ኣዝዩ ተቐባልነት ይረኽቡ።




*ኣብ ታሕተዎት ብርኽታት ናይቲ ፒራሚድ ዝተገልፁ ኣሉታዊ ባህርያት፣ ከም ኣድልዎን ምፅራፍን ኣብ ምቕባል ዝሃንፁ ተግባራት ምኺዳም ዘርኢ. እዩ።*

*ፒራሚድ ፅልኢ.*

## ከግምት ውስጥ መግባት ያለባቸው ጥያቄዎች

ኹለና ብመጠኑ ኣብ ፒራሚድ ፅልኢ. ከም ዝተሳተፍና ምእማን ኣገዳሲ. እዩ። ***ብዛዕባ ሕሉፍ ተግባራትና ብቕንዕና ክንከውን ብዝኽኣልና መጠንን ብኣዝዩ ብዘስተንትነሉን መጠን ንፅልኢ. ኣብ ምፅራርን ሕያውነትን ሰላምን ኣብ ምዝርጋሕን ዝሓሸ ንኸውን።***

- ኣብ ዝተፈላለየ ብርኽታት እንታይ ዓይነት ተግባራት ከም ዝገበርካ ክትኣምን ትኽእል?
- ንዓታቶም ንምኽሓስ እንታይ ክትገብር ትኽእል ዶ?
    - *ዳግማይ ከምዘይትገብሮም ክትምሕል ትኽእል ዲኻ?*
    - *ንዝጎዳእካዮ ሰብ ይቕሬታ ክትሓትት ትኽእል ዲኻ ?*
    - *ሰላም ክሰፍን ዝሕግዙ ካልኦት እንታይ ኣማራፂታት ክትሓስቡ ትኽእሉ?*
    - *ኣተዓባብያኻን ባህልኻን ሃይማኖትካን ነቲ ወገናዊ ተመክሮኻ ብኸመይ ኣበርክቶ ይገብር?*



## 3.6 ኣብ ኢትዮጵያ ምስ መንነት ዝተኣሳሰሩ ንጎንፅታት ፖለተካዊ ምኽንያታት መዘዛትን

- መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ብሄር ዝተመስረተ ንፀጋታት መንግስቲ ዝግበር ንሕንሓት ኣብ መሬት፣ ማይን ቑጠባዊ ዕድላትን ዘይምርድዳእ የስዕብ እዩ።
- ብሄር ከም መሳርሒ. ፖለቲካ ገይርኻ ብምልዕዓል፣ ብምትላልን፣ ፖለቲካዊ መራሕቲ ብሄራዊ መንነት ተጠቒሞም ደገፍ ዝእክብሉን ስልጣን ዘደልድልሉን እዩ።
- ኣብ ልዕሊ. ግዝኣታዊ ዶባት ተደጋጋሚ ጎንፅታት፣ ገለ ኸባቢታት/ማሕበረሰባት ምስ ዝወዳደሩ ኸባቢታት ታሪኻዊ ወይ ባህላዊ ርክብ ኣለዎም ይብሉ።
- ንብሄር ዝምልከት መሰላት ዜግነት ተገዚኡ፣ ኣብ ውሽጢ. ከባብታት ምድብ "ሽመታዊ ስያመ" ዝተዉሃቦምን "ሽመታዊ ስያመ ዘይተዉሃቦም"ን ህዝብታት ብምፍጣር መብዛሕትኡ ግዜ ንውሑዳት ምግላል ይፈጥር እዩ።
- ብተረኽ፣ ኣፈታሪኽን ፅዉፅዋያት እናሓዋወስኻ ናቲ ሓደ ልዕነት ብዘጉልህን ፖለቲካዊ ትርጉሙ ዳግማይ ብምቕራፅ፣ ታሪኻት፣ ዓሌታት ብገመድ ምትእስሳርን ዳግማይ ምትፍናን ዘይድሊ. ትርጋመ ወይ ኣረአእያ ዝፈጥር እዩ።

**መዘኻኸሪ፦** መፅናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ኣብተን ብብሄራት ዝተፈላለያ ሃገራት እምነት ዝህብዎ ተኣማንነት ፖለቲካ ውድብ ብብሔሮም ንዝተወደበ ብምኻኑ ኣብ ኻልእ እምነት ዘይብሎምን ኣብ ሃገራዊ መረፃ ድማ ድምፆም ነቲ ብብሄሮም ዝተወደበ ዉድብ ክህቡ ይገብሮም እዩ። እዚ ድማ ብሄራዊ ቅሬታን፣ ምቅርሓን ክውስኽ ናይ ምግባር ብዘለዎ ተክእሎ እቲ ኹነታት ፖለቲካዊ ኣድማስ እናፅበበ ክሳብ ናብ ኲናት ሕድሕድን ከምርሕ ይኽእል እዩ።

### *መፅናዕቲ ምኽንያት፡- ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ ጎንፂ*

ሓደ ካብ ዓባይ ብሪታንያ ዝተመልሰ ኬ ዝበሃል ኢትዮጵያዊ ንናይ ቀደም ዓርኩ ኤች ንምርኣይ ናብ ድሬዳዋ ይጓዓዝ። ድሕሪ እዚ. ኣብ ከባቢ. መንበሪ ገዛ ኤች ኣብቲ ከባቢ. ዝርከብ እንዳ ቡን እናተፀበየ እንተሎ ኬ ምስ ኣቐንቓኒ ተጋድሎ ፓን ኣፍሪካዊ ኣክቲቪስት ዝኾነ ሲ. ዝበሃል ይራኸቡ። ብዛዕባ መንግስቲ ዓባይ ብሪታንያ ኣብ ቀረባ እዋን ብዘይሕጋውያን ስደተኛታት ናብ ሩዋንዳ ንምስጓግ ዝወሰዶ ፖሊሲ. ዘረባ ይርእሞ በዚ. ሓደ፣ ኽልተ ምስ ተዘራረቡ እቲ ዕለታዊ ዕላሎም እናረሰነ ኸደ። ክልቲኦም ኬን ሲን ተፃራሪ ኣረኣእያታት ስለ ዝነበሮም ክትዕ እናኸረረ፣ ናብ ብርቱዕ ሞጎት እናዘንበለ ኸደ።

ዶ/ር ዲ ዝተብሃለ ናይ ዩኒቨርሲቲ ፕሮፌሰር ኣብ ድሬዳዋ ሓፂር ናይ ስራሕ መገሻ እውን ኣብቲ እንዳ ቡን ነይሩ። ዶክተር ዲ ነቲ ክትዕ ሰሚዑ ንውሳነ መንግስቲ ዓባይ ብሪታንያ ደገፉ ገሊፁ። ኬ ኣዝዩ ተናዲዱ ንዶክተር ዲ “ባርያ” (ዘነኣእስ ቃል) ኢሉ ከነኣእሶ ጀመረ። እቲ ናይ ቃላት ክርክር ቀልጢፉ ናብ ኣካላዊ ጎንፂ ወይ ግብግብ ተለወጠ።

ኤች ኣብቲ ቦታ በፂሑ ጣልቃ ክኣቱ ፈተነ። ኣብቲ ብርቱዕ ክርክርን ሓዝ ክሕዝ ባእሲ ህውከት ግን ብጌጋ ብዶክተር ዲ ተወቒዓ። እቲ ዘሕዝን ግን ኤች ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ድሕር ሓደ መዓልቲ ኣብ ሆስፒታል ምማቱ እዩ።

### መዛተዩ ሕቶታት

- **ጠንቂ፦** እዚ ጎንፂ እዚ ንኽዓቢ ኣበርክቶ ዝገበሩ እንታይ መሰረታዊ ረቛሒታት እዮም?
- **ጉዳያት፦** መንነት ታሪኻዊ ቅሬታን ፅልዋታትን ብኸመይ ግደ ተፃዊቱ?
- **ፅልዋ፦** ናይዚ ፍፃመ ቅፅበታውን ነዊሕን ሳዕቤናት እንታይ እዩ ነይሩ?
- **ምሕደራ ጎንፅታት፦** ኬ ሲ ወይ ዶክተር ዲ እንተትኸውን ነቲ ኩነታት ኸመይ ገይርካ ተትርፎ ምኸኣልካ?
- **ንመሃሮ ወየ ድማ ክውሰድ ዝግባእ ትምህርቲ፦** ማሕበረሰባት ኣብ መፃኢ ከምዚ ዓይነት ጎንፅታት ንምክልኻል እንታይ ስትራተጂታት ክኽተሉ ይኽእሉ?

**ንመሃሃር፦** ትንተና ጎንፂ ማለት ኣብ እነታይነት ጎንፂ ጎንፂ ንምፍጣሩ መሰረት ዝኮኑ ምክንያታት ኣብ ከይዲ ጎንፂ ተሳተፍቲ ዝኮኑ ኣካላትን ለውጥታት ወይ እናፀንሑ ዝምዕብሉ ዓይነት መግለፂ ጎንፅታት ብዝምልከት ዝግበር ትንተና ዘጠቃለለ እዩ። ስለዚ ኣብ ከባቢና ዝኮነ ዓይነት ጎንፂ እንትገጥመና እቲ ፀገም ንምፍታሕ ክንሃፅፅ የብልናን የግዳስ ብዝተክኣለ መጠን ኣብ ተፈጥሮን ምክንያትን ከምኡ ውን ተሳተፍቲ ኣካላት እቲ ዘጋጠመ ጎንፂ ኣድላይ ዝበሃል ኩሉ ትንተና ክነካይድ ይግበኣና።

# 4. ከይዲ ህንፀት መንነትን፣ ሰላምን ዕርቅን

## 4.1 ኣብ መንጎ ጉጅለታት ዝግበር ትርጉም ዘለዎ ዘተ ዝህልዎ ግደ

*ኣብ መንጎ ጉጅለታት ብፍላይ ድማ ዝተፈላለየ ዓይነት ሃይማኖት፣ እምነት ወይ ባህላዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ማሕበረሰባት ትርጉም ዘለዎ ዘተ ኣብ ሞንጎኦም እንተካይዱ ወጥሪ ወይ ጥርጣረታት ንምንካይ ይሕግዝ እዩ።*

ትርጉም ዘለዎ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ርክብ ዘይምህላውን ካብ ነንሕድሕድኻ ተነፂልኻን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ንዝፍጠር ወጥሪ ርኡይ ኣበርክቶ ዝገብሩ ረቛሒታት ምዃኖም ይፍለጥ እዩ። እዞም ኩነታት እዚኦም ንፅልኢ ኣድልዎ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባን ንጥቕዓት ምልዕዓልን ዓቢይ ድጋፍ ይገብሩ እዮም። እዚ ብፍላይ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ዝዓበየ ወጥሪ ዝረኣየሉ ታሪኽ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ግልፂ ኾይኑ ይርኣ እዩ።

### ካብ ፅንሰ-ሓሳብ ዝፈለቐ ዛንታታት

ነዚ ዝስዕብ ዛንታ ኣንቢብኹም ብዛዕባ ድሩትነትን ዓቕምን ናይቲ ናይ ዝርርብ መደብ ተዘራረቡ።

ኣብ ሓደ ፍሉይ ድሕሪ ጎንፂ ዝነበረ ማሕበራዊ ኩነታት ሓደ ጉጅለ መንእሰያት ብመንገዲ ናይ ሰላም ክለቦም ኣቢሉ ማሕበረሰባዊ ዘተ ኣዳለየ። እቲ ክለብ ካብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ማሕበረሰብ ወከልቲ ከም ኣብቲ ጎንፂ ዝተኻፈሉ ወገናት ዓዲሙ እዩ። ኩሎም እቶም ዝተዓደሙ ተሳተፍቲ ኣዝዮም ስለ ዝተቐጥዑ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብቲ ክፍሊ ዝነበሩ ካልኦት ጉጅለታት ክስታት እናኣቕረቡ ግዳይነቶምን በደልን ንምግላፅ ናብቲ ዝርርብ ኣተዉ። ኩሎም ብሰንኪ ዜይተፈፀሙ ግን ክግበሩ ዝግበኦም ነቲ ጥቕዓት ምኽንያት ዝኾኑ ተግባራት ገሊፆም እዮም። ዋላ ሓደ ካብኣቶም ኣቕረብቲ ናይቲ ሓደ መዘንኦም ፍፁም ክሰምዑ ድልዋት ኣይነበሩን። ተሳተፍቲ ሙሉእ መዓልቲ ነኒሕድ ሕዶም ከይተሰማምዑ ተዛረቡ። እቲ ክፍለ ግዜ ብሰንኪ ባህርያት ካልኦት ተሳተፍቲን ኣጠቓቕማ ቃላውን ዘይቃላውን ርክብን ብተሳተፍቲ ተናወፀ። ቀዳማይ መዓልቲ ናይ ዘተ መድረኽ ድማ ብኸምዚ መልክዕን ኣገባብን ተዛዘመ።

**ሕቶ፦** ትኽክለኛ ዘተ ተኻይዱ ዶ ትብሉ? እንተዘይኮይኑ እቲ ፀገም እንታይ እዩ? ብፅምዲ ብምኻን ተዛተዩን ድሕሪ እዚ ድማ ሓሳባትኹም ንኻልኦት ኣካፍሉ።

**ንዘተ ቅሩብ ምኳንን ኣንፈት ወጥሪ ናይ ምልዋጥን ተክእሉን።**
ዘተ ውፅኢታዊ ንኽኸውን ንይምስል ዘይኾነስ ትኽክለኛ ናይ ሓሳብ ምልውዋጥ ቦታ ክህብ ይግባእ። ንፍልልያትን፣ ዘይምስምማዕን ዝዝተየሉ ቦታ እውን ክህሉ ኣለዎ። ዘተ እውን ንኹሉ ዝሓቁፍ ክኸውን ኣለዎ። ዘተ እንትካየድ ወይ ንምክድ ኪነ-ባህላውያን መራሕቲ ወከልቲ ማሕበረሰብ ዘፍቅድ፣ ድምፂ ኣዋልድ፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ከምኡ ውን ተመዛበልቲ/ ህዳጣን ወይ ናይቲ ማሕበረሰብ ንእሱሳን ወይ ዉሑዳት ኣባለት፣ ማሕበረሰባት ናብ ቅድሚት ምምፃእ ኣገዳሲ እዩ።

**ዘተን ዕርቅን**
ዕርቂ ውሑስን ንኹሉ ዝሓቁፍን ናይ ዘተ ቦታ ብምፍጣር ክመቻቸዉ ይኽእል እዩ። እዚ ባይታ እንትፍጠር ድማ ናብ ንዳግመ ህንፀት ርክብ ዝምድናታት ምምስራት ናይ ሓባር መርገፂ ንምሓዝ፣ ሕሉፍ በደላትን መጉዳእትን ምፍታሕ ንምፍጣር ከምኡ ውን ንመፃኢ ዝምልከት ሓባራዊ ራእይ ምምዕባል ዝመርሕ ክኸዉን ይግባእ።

### ክንዝትየሉ ዘለና ሕቶታት

- ኣብ መንጎ ጉጅለታት ዝግበር ዝርርብ ተሳቲፍኹም ትፈልጡ ዶ?
- ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ኣብ ሓደ ብምትእኽኻብ ንሰላም ብኸመይ ከም እትድግፍ ትርጉም ዘለዎ ምይይጥ ንምክያድ ክትሰርሕ ክትሓስብ ትኽእል ዲኻ?
- ኣብ መንጎ ጉጅለታት ዝግበር ዘተ ንምስታፍ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል?
    - *ካብ ጉጅለኻ ወፃኢ ንሓደ ኻልእ ሰብ ጥራሕ ክትበፅሖ ወይ ድማ ንምትንካፍ ኣብ እትገብሮ ፃዕሪ ብውልቃዊ ብርኪ ክትጅምር ትኽእል ዲኻ?*
    - *ሰባት ተኣኪቦም ክዛረቡን ክዛረቡን ዝኽእሉሉ መድረኽ ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ወይ ቤተ ክርስቲያን መደብ ክትጅምር ትኽእል ዶ?*
    - *ኻልእ ዘተ ንምድንፋዕ ዝሕግዝ እንታይ ሓሳባት ትሓስቡ?*

- ሰባት ብዘይ ስግኣትን ብኣኽብሮትን ብናፅነትን ዝዛረቡሉ ቦታ ምፍጣር ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት ስለምንታይ እዩ?



**ኣብቲ ዘተ መን ክሳተፍ ኣለዎ?**
ሓደ ካብ መሰረታዊ መትከላት ዝኾነ ይኹን ናይ ዘተ ተበግሶ ንኹሉ ዝሓቁፍ ምዃኑ እዩ። እዚ ንኽዕወት ኹሎም ኣብ ጎንፂ ዝተዋፈሩን ዝተሃስዩን (ንኣብነት ዕጡቓት ጉጅለታት፣ ትካላትን ውልቀሰባትን) እዉን ረብሓታቶም፣ ዕላማታቶም፣ ዓቕሞምን ዝምድናታቶምን ናብ መኣዲ ዘተ ከቕርቡ፣ ተሳተፍቲ ኸይናም ክቐርቡ ክዕደሙ ኣለዎም። ኣብ ዘተ ዝሳተፉ ተዋሳእቲ መራሕቲ ማሕበረሰብ፣ ሽማግለታት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ መሓውራት ምምሕዳር ኸባቢ፣ ዕጡቓት ሓይልታትንን መንእሰያትን ይርከብዎም።

## 4.2 ግደ መራሕተ ማሕበረሰብ

መራሕቲ ማሕበረሰብን ሃይማኖትን ኣብ ህይወትን ባህርያትን ካልኦት ዓቢይ ፅልዋ ናይ ምሕዳር ጭቡጥ ዓቕሚ ኣለዎም እዩ። ድምፆም እንተስምዑ ድማ ብመንፅር ዘለዎም ዓቢይ ፅልዋ ከለዉ መልእኽቶም ልዑል ፅልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ እዮ መራሕቲ ኣንፃር ፅልኢ ዘረባን ጥቕዓትን ኣብ ምዝራብ ኣገዳሲ፣ ዕዙዝ ግደ ዘለዎም።

***ዕዉት ዛንታ፡- ግደ ሽማግለታት፣ ዓበይቲ ዓዲ ኣብ ምክልኻል ዓሌታዊ ጥቕዓት***



ካብ ቐረባ ግዚያት ዘጋጠሙ ዕዉት ናይ ሽማግለታት ጋሞን ኣብ17 መስከረም 2018 ዓ.ም ኣብ ከተማ ኣርባ ምንጭ ተፈጢሩ ንዝነበረ ወጥሪ ዝገበርዎ ዕዉት ከይዲ ዕርቂ ንምጥቃስ ይክኣል እዩ። ኣብዚ ወጥሪ ናብ ጎንፂ ሰጊሩ ብዙሓት ኦሮሞ፣ ጋሞን ካልኦት ብሄራት ዝተጨፋጨፉ እንትኸዉን ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ሰባት ኣብ ክልል ኦሮሞያ ዝርከብ ከባቢ ቡራዩ ናብ ዓርሰ ከተማ

ኣዲስ ኣበባ፣ ናብ ካልኦት ከባብታት ኢትዮጵያ ክመዛበሉ ግድን ኾይኑ እዩ። ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኢትዮጵያ ኣብ ዝርከብ ኣርባ ምንጭ ጋሞ ጎፋ ጉጅለታት መንእሰያት ነቲ ኣብ ኣርባምንጪ ንንግዲ ኦሮሞ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ሕነ ንምፍዳይ ስጉምቲ ኣብ ዝወሰዱሉ እዋን ሽማግለታት ጋሞ ሓድሽ ዝተቖርፀ ሳዕሪ ኣብ ኢዶም ብምሓዝ ኣብ መሬት ተንበርኪኾም መንእሰያት ንናይ ኦሮሞ ዓልየት ሹቓት ከይጥቅዑ ለሚኖም ጣልቃ ብምእታዎም እቶም ሽማግለታት ነቲ ጥቕዓት ክተርፍ ገይሮም እዮም። ንብዙሓት ኢትዮጵያውያን እዚ ብጥበብ ሽማግለታት ጋሞ ዝተርኣየ ጎንፂ ናይ ምዝሓል፣ ምትራፍ ኽይዲ ዕርቂ ኣኣዝዩ ዝንኣድን ካብ ኣብ ቐረባ ዝተርኣዩ ጎንፅታት ከም ኣብነታዊ ዕዉት ዛንታ ተገይሩ ምጥቃስ  ይክኣል እዩ (ዩኔስኮ 2020)።

- ናይ ሰላም ምፅውዋር ምቕባል ሕድሕዳዊ ምክብባር ዝገልፅ መልእኽቲ ምዝርጋሕ፣
- ኣብ መንጎ ማሕበረሰባት ዝፍጠር ወጥሪ ንምንካይ ብፍላይ ድማ ዘተ ብምዕባይን ሰላማዊ ሓባራዊ ህይወት ዘተባብዑ ፍፃመታት ብምእንጋድን ስጉምቲ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ።
- ብዝተኻኣለ መጠን ናይ ሰላም መልእኽትታት ብናይቲ ከባቢ ቋንቋታት ብኢንተርኔትን ካብ መስመር ወፃኢን ኣወንታዊ መልእኽቲ ብኽባብዉን፣ ለዛ እቲ ማሕበረሰብ ብምጥቃም መልእኽታት ምዝርጋሕ ይግባእ።
- ብመራሕትን ሰበስልጣንን ንዝቐርቡ ምልዕዓል ዝኹንኑን/ወይ ድማ ኣማራፂ መልእኽቲ ዘቕርቡን ሃይማኖታዊ፣ ማሕበረሰባውን ብሄራውን መግለፂታትን ኣዋጃትን ፀብፃባት ምውፃእን ምዝርጋሕን ኣገዳሲ እዩ።
- ንመንእሰያት ኣዋፊርካ ንበደል ብሃናፅን ብሰላምን መንገዲ ክፈትሕ ክፅዕሩ ግበር።
- መንእሰያት ዝዛረብዎ መረረት ወይ ኣካታዒ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እውን እንተኾነ ቅሬታኦም  ምስምዑን ምላሽ ምርካቡ ምርግጋፅን ኣገዳሲ እዩ።
- መናእሰይ ኣምባሰደራት ብምብቃዕ፣ ብምስጣልን ጥቕዓትን፣ ፅንፊ ዝሓለፎም መነወርቲ ተግግባራት ኣብ ሕድ ሕድ ኣካል ማሕበረሰብ ከይፍፀም፣ ልዕልነት ሕጊ ዝሕለየሉ ባይታ ዘናድዩን  ኩነታት ምፍጣር ውፉያት ተዋሳእትን ኣመዛዘንቲ፣ ተሓለቕ ፍትሒ ክኾኑ ምኽኣል።



## 4.3 ናዩ ፖሊሲ ለበዋታት


- **ትምህርቲ፦** ብዛዕባ ዝተፈላለዩ መንነታትን ሓባራዊ ታሪኽን ኢትዮጵያ ንቕሓት ንምድንፋዕ የኽእል እዩ።
- **ናይ ዘተ መድረኻት፦** ኣብ መንጎ ጉጅለታት ንዝግበር ርክብን ምርድዳእን ቦታታት ምፍጣር፣ ነዚ ግቡእ ኩነታት ንክፍጠር ምስራሕ ።
- **ምቁፅፃር ፅልኢ ዘረባ፦** ኣንፃር ፅልኢ ዘረባን ኣድልዎን ዝምልከት ሕግታት ምትግባር ምጥንኻር ኣገዳሲ እዩ።
- **ውህደት ቴክኖሎጂ፦** ጎንፅታት ብኣግባቡ ንምፍላጥን ንምፍታሕን ዲጂታላዊ መሳርሒታት ምጥቃም ዕዙዝ ረብሓ ኣለዎ።
- **ባህላዊ ኣገባባት ምድጋፍ፦** ባህላዊ ኣገባብ ኣፈታትሓ ጎንፅታት ምሕያልን ዘመናዊ ምግባርን ኣዝዩ ሓጋዚ ኽይዲ ብምኻኑ እዚ ክዕምብብ ምግባር ኣገደዳሲ እዩ።

# 02

# ሚድያን ምዝባዕ ሓበሬታን



# ሚድያ ንጎንፂ ኣብ ምፍጣር ክህልዎ ዝኽእል ኣስተዋፅኦ



## ትሕዝቶ

34 ሚድያን፣ ተበፃሕነት ኣስተምህሮ ሓበሬታቶምን
38 ናይ ፅልኢ ዘረባን ዓፀፋ ፅልኢ ዘረባን
45 ምዝባዕ ሓበሬታን ሓቂታት ምፍታሽን

*ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብዛዕባ ፅንሰን ክልሰ ሓሳብ መንነት ብዉስን መልክዑ መርሚርና ንምርኣይ ፈቲና ነይርና ኢና። መንነት ንዓለምና ብኸመይ ከም ዝቐርፃን ተመኩሮታትና ንኣረኣእያ ዓለምና ብኸመይ ከም ዝቐርፅን ብውሽጥን ብደገን ብዉስን መልክዑ እዉን ዋላ ይኹን ተማሂርናን ዘቲናሉን ኢና። እቲ ቐፃሊ ዝቐርብ ሕቶ መራኸቢ ማዕከናት ብኸመይ ይፀልወና? ናይ ፅልኢ ዘረባ ንምምካትን መልእኽቲ ሰላምን ዕርቅን ብዓፀፋ*


ንምዝርጋሕ ክንሰርሕ ኣብ ዝግብኣና ክነድምዕ ንፍትን ኢና።

ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍ መራኸቢ ማዕኸናት መራኸቢ ሓፋሽ ንኣረኣእያ ህዝቢ ብኸመይ ከም ዝቐርፆኦን ኣብ ሰላም ወይ ጎንፂ ብፍላይ ኣብ ኹነታት ኢትዮጵያ ዘለዎ ኣበርክቶ ኣብ ምንታይ ኹነታት ከም ዝርከብ ክንግዘብ ኢና። ኣብ መንጎ ባህላውን ሓዱሽን መራኸቢ ማዕኸናት ዘሎ ፍልልይ ከምኡ ውን ትምህርቲ ሚድያን ሓበሬታን (MIL) ብኸመይ ንትሕዝቶ ሚድያ ብሓላፍነት ክትረኽቦ ክትትንትን ክትፈጥር ከተስተንትነሉን ክትዋሳእን ክእለት ከም ዘስንቕ ክትመሃር ኢና። እቲ ምዕራፍ ፅልዋ ፅልኢ ዘረባን ሓደገኛ ዘረባን ዝምርምር ኾይኑ ከም ማዕቀፍ ዘረባ ፅልኢ ዝኣመሰሉ መሳርሒታትን ብዛዕባ ሕጋዊ ምላሽ ኢትዮጵያ ዝምልከት ርድኢትን እዉን ከቕርብ እዩ።

ኣብዚ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስርዓት-ኣልቦነት ሓበሬታ-ዘይግቡእ ሓበሬታ ግጉይ ሓበሬታን ሕማቕ ሓበሬታን- ብኸመይ ከም እተለልዮምን ከም እትቃለሶምን ብጭብጢ ምፍታሽ ነቐፌታዊ ኣተሓሳስባን ኣጠቓቕማ ክፍተት ምንጪ ዘለዎም መሳርሒታትን ንምርካብ ዳህሳስ ነካይድ ኢና። ብሓፈሻ እዚ ፍልጠት እዚ ንጐዳኢ ትረኻታት ክትፈታተን፣ ንኹሉ ዝሓቑፍ ዘተ ከተስፋሕፍሕን ኣዝዩ ሓበሬታ ዘለዎን ሰላማውን ማሕበረሰብ ኣበርክቶ ክንገብር ከም ዝግባእ ንምርዳእ የኽለና እዩ ኢልና ንኣምን።



# 1. መእተዊ



## 1.1 ሚድያ ማለት እንታይ እዩ?

*ብሓፈሻ "ሚድያ" ማለት ሓበሬታ ወይ መኣከቢ ሓበሬታ ኾይኑ ብተወሳኺ ድማ ሚድያ ወድዓዊ ይኩን ዝኮነ ዓይነት ሓበሬታ ከምኡ ውን ቅድም ክብል ኣብ መእከቢ ናቁጣ ሓበሬታ ተኣቢቡ ንዝፀንሸ ሻበሬታ ከም መሊሱ ንምብፃሕ ዝሕግዝን ዝሕግዙ ናይ ርክብ መውፅኢታት ወይ መሳርሒታት ዝሓዘ ወይ ዘመላኽት እዩ።*

ሚድያ ቐንዲ መሳርሒ ህዝባዊ ርክብ ኾይኑ ከም ፈነወ ሕትመትን ኢንተርኔትን ዝኣመሰሉ መድረኻት ይጥቀሙ። መራኸቢ ብዙሃን ብዝቐለለ መልክዑ ንሰፊሕ ተዓዛቢ ዝበፅሕ ወይ ዝወፀሉ ከም ሬድዮ ቴሌቪዥን ጋዜጣታት መፅሔታትን ኢንተርኔትን ዝኣመሰለ ናይ ርክብ መሳርሒ የመልክት።

## 1.2 ግደ ባህላዊ ሚድያ ምስ ዘመናዊ ሚድያን

ባህላዊ መራኸቢ ማዕኸናትእንትበሃል ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተመስረተ ልምዳዊ ኣገባባት መራኸቢ ማዕኸናት ዘካተተ ኾይኑ እዚ ድማ ሕትመት ጋዜጣታት፣ ቴሌቪዥን፣ ሬድዮን፣ ኣብ ወረቐት ዝተሓተሙ መፃሕፍትን ብዝግበር ዝሰራጨዉ ሓበሬታ ዝሓቖፈ እዩ። እዚ ማዕኸናት ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ቐንዲ ምንጪ ዜናን መዘናግዕን ኾይኑ ፀኒሑ እዩ። ገለ ኣብነታት ባህላዊ ማዕኸናት ኢትዮጵያ ዜና ኣገልግሎት፣ ሸገር ኤፍ ኤም ሬድዮ፣ ፈነወ ቴሌቪዥን ኮርፖሬሽን ኢትዮጵያ (ቴሌቪዥን ኢትዮጵያ [ኢቲቪ]) ጋዜጣ ሪፖርተር ወዘተ ይርከብዎም።

ዘመናዊ መራኸቢ ማዕኸናት ብዘመናዊ መልክዕ ርክብን ቴክኖሎጅን ንዝደራጀው ዘመልክት ኾይኑ ብኢንተርኔት ማሕበራዊ መራኸቢታት ሞባይል መሳርሒታት ቨርቹዋል ሪኣሊቲን ካልኦት ዲጂታላዊ መትረባትን ዝሓቖፈ እዩ። እዚ ኣብ ባይታ ንዝነበሩ መሳኹቲ ሓበሬታ ሚድያ ብዘስደምም መልክዑ ብምሽጋር ዘለዎም ሓበሬታ ብመንፅር ትሕዝቶ ከመይ ከም ዝመጋገቡ፣ ዝተሓላለኹሉ፣ እንራኸበሉን ኽይዲ ብመሰረቱ ቀይሩዎ እዩ። ገለ ካብቶም ኣብነታት ሓደሽቲ ማዕኸናት ዜና ኣብ ኢትዮጵያ ቲክቫህ-ኢትዮጵያ (ቴሌግራም መሰረት ዝገበረ ናይ ዜና ሚድያ መድረኽ)፣ ድሬቱብ (ፌስቡክ መሰረት ዝገበረ ናይ ዜና ሚድያ መድረኽ)፣ ከምኡ እውን ኢትዮጵያ ኢንሳይደር (ሓዱሽ መርበብ ሓበሬታዜና) ምጥቃስ ይከኣል።

| መለለዪ ባህርያት ባህላዊ መራኽቢ ማዕኸናት | መለለዪ ባህርያት ዘመናዊ ሚድያ መራኽቢ ማዕኸናት |
|---|---|
| - ሓደ ኣንፈት ዘለዎ ርክብ<br>- ውሱን መስተጋብር<br>- ኣካላዊ/ጉእዝ/ ቅርጺ<br>- ብመልክዕ መደብ ዝተገብረሉ ምስርጫዉ<br>- ከባብያዊ ምብፃሕ<br>- ወፃኢታት ምፍራይ<br>- ሞያውያን ሓለዋ የካይድ<br>- ነዊሕ ዕድመን ቀዋምነትን<br>- ውሱን ትንታነታት<br>- ካብ መስመር/መትረብ ኢንተርነት ወፃኢ ኮይና እንጥቀመሉ | - መስተጋብራዊ ፣ ተመጋጋቢ መስርሕ<br>- ሰፊሕ ተበፃሕነት<br>- ዓለምለኻዊ ምብፃሕ<br>- ውሁደ ቡዙሓት ምድያታት<br>- ኣብ ሓቀኛ ግዜ ዝግበር ርክብ<br>- ተጠቀምቲ ዝማእከሉ ትሕዝቶ ዝፈጠረ<br>- ውልቃዊ ምግባር<br>- ገኒኑ ክወፅእን ክባፃሕን ተክእሎ ዘለዎ<br>- መድረክ ፍልፍል ዘይነፅፍ ፍልቀታት ትንታነ<br>- ሓቀኛን ቨርቹዋል ዓለማት ዘዋደደ |

ብሓፈሻ ባህላዊ መራኽቢ ማዕኸናት ርእይቶን ፖሊሲን ህዝቢ ብቻነላትን እቲ ስልጣን ዝሓዘ ኣካል ኣቢሉ ፀብፃብ ብምቕራብ ይቐርፅ። ናይዚ ብተቓራኒ ዘመናዊ መራኽቢ ማዕኸናት ዝተፈላለዩ ድምፅታትን ኣብ ጋህዳዊ ወይ ህልዊ ግዜ ብምዉሃድ ጎፍ ንጎፋዊ ዝግበር ምርኻባት ዘማዕብል እዩ። እዚ ድማ ንኣረኣእያታትን ውሳነታትን ማሕበረሰብ ብቕልጡፍ ይፀልዎ እዩ። ብሓባር ድማ ሕብረተሰባዊ ርእይቶታትን መደምደምታን ኣብ ምቕራፅ ተደጋጋፊ ግደ ይፃወቱ እዮም።

## መዘተዩቲ ሕቶታት

- ካብቶም ዝተጠቕሱ ማዕኸናት ዜና ወፃኢ እንታይ ዓይነት ማዕኸናት ዜና ትፈልጡ?
- ሓበሬታ ንምርካብ ኣየናት ማዕኸናት ዜና ኢኻ ትጥቀም? ኣይናት ማዕኸናት ዜና ኣዓሪኻ ከም እትኣምኖም ወይ ከም እትጥቀመሎም ነዚ ምኽንያት እትብሎም ረቛሒታት ኸ እንታይ እዮም?
  - *ሕተት፦ 5 ደቓይቕ ወሲድኻ ነቲ ዝኣምንዎ/ዝጥቀምሉ ዓይነት ሚድያ ዝፀልዉ ረቛሒታት ኣስተብህል*
  - *ተኣማንነትን ትኽክለኛነትን ግሉፅነትን ዕላማነትን ዝና ተበፃሕነት ፖለቲካዊ ወይ ስነ-ሓሳባዊ ፅምዶን ትሕዝቶን ፅልዋ መዛኑ*
- ገለ ኣብነታት ባህላዊ ማዕኸናት ዜና እንታይ እዮም?
  - *ባህላዊ መራኽቢ ማዕኸናት ጋዜጣታት መፅሔታት ሬድዮን ተለቪዥንን የካትት*
- ዘመናዊ መራኽቢ ማዕኸናት እንታይ ይገልፁ? ካብ ባህላዊ መራኽቢ ማዕኸናት ኸ ብኸመይ ይፍለጥ?
  - *ምራቑት፦ ዘመናዊ መራኽቢ ማዕኸናት ሰባት ምስ ዜናን ሓበሬታን ዝዋስኡሉ ኣገባብ ብኸመይ ቀይሮምዎ?*



## 1.3 ኢንተርኔትን ማሕበራዊ መራኸቢታትን

**ኢንተርኔት እንታይ እዩ?**

ኢንተርኔት ዓለምለኻዊ TCP/IP (Transmission Control Protocol/Internet Protocol) ኣቢሉ ወይ ተጠቒምካ ኮምፒዩራት ዘራኽብ መርበብ እዩ። እዚ ምትእስሳር እዚ መረዳእታ ኣብ ኸረጢት መርበብ እናተቓፀረ ክምቀል፣ ብመስመራት መረዳእታ ክመሓላለፍን ንተጠቃሚ ዳግማይ ክእከብን ዘኽእል እዩ ። ከም ኢ.መይል ዝበሉን ካልኦት ማሕበራዊ መራኽቢታት ከምኡ ውን ዓለምለኻዊ መርበብ ሓበሬታ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ይምግብ። ኢንተርኔት ሰፊሕ ናይ መርበባት መርበብ ክኸውን እንተሎ ዓለምለኻዊ መርበብ ሓበሬታ (ወይ ብቐሊሉ መርበብ ሓበሬታ) ኣብ ውሽጢ ኢንተርኔት ዝርከቡ ሃይፐርሊንክድ ገፃትን ሰነዳትን ዝሓዘ ስርዓት እዩ።

**WWW** ዝብል ምሕፃረ ቃል ንዓለምለኸ መርበብ ሓበሬታ ዝገልፅ ወይ ድማ (World Wide Web) ንምባል ኾይኑ ኣብ መንጎ ሰነዳት ብቐሊሉ ምትእስሳር ንምጉዓዝ ዘኽእል ስርዓት ናይ ኢንተርኔት ኣገልገልቲ እዩ። ኢንተርኔት ዝሰፋሐ መርበብ ክኸውን እንተሎ ዓለምለኻዊ መርበብ ሓበሬታ ድማ ሓበሬታ ንምርካብ ዝሕግዝ ሜላ እዩ።

**በዓል ዋና ኢንተርኔት መን እዩ?**

**መዓረዩ ሕቶ፦** ንተሳተፍቲ ወናንነት ኢንተረኔት ኣብ ዝምልከት ኢንተርኔት ብሓደ ማእከላይ ወገን ወይ ትካል ይውነን ዶ ኣይውነንን ኢልኩም ብምሕታት ንመልሶም ሓቂ ወይ ሓሶት ክብሉ ግበሩ።

ዋነነት ኢንተርኔት ብዝምልከት ንኢንተርኔት ዝወነና ዝኮነ ይኩን ዝፍለጥ ኣካል የለን። ሓፈሻዊ ኣብ ዝኮነ ፍልጠት ብምሙርካስ ግን ኢንተርኔት ዘይተማእከለ መርበብ "ናይ መርበብ መርበባት" ኾይኑ ውልቀ ትካላት በብወገኖም መርበባት ዝውንንሉ ኹሉም ወነንቲ መርበባት ድማ ንኒሕድ ሕዶም ዝተኣሳሰሩ ኾይኖም ኢንተርኔት ይፈጥሩ። ካብ ሓደ ዝጭበጥ ኣካል ንላዕሊ ኣብ ኣካላዊ ትሕቲ ቅርፂ ዝምርኮስ ክልሰ ሓሳባት እዩ።

**ማሕበራዊ ሚድያ እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?**

ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ኢንተርኔት ዝተመርኮሰ ናይ ርክብ መሳርሒ ኾይኑ ኣብ መንጎ ተጠቀምትን ቨርቹዋል ማሕበረሰባትን ብኢንተርኔት ዝግበር ርክብ ዘመቻዉ እዩ። ካብ 1990ታት ጀሚሩ ማሕበራዊ መራኸቢታት መርበባት ደቂ ሰባት ኣዕብዮምን ምትእስሳር ኣስፋሕፊሖምን እዮም። ማሕበራዊ መራኸቢታት መድረኻት ተሳትፎን ምትእስሳርን ክፈቕዱ ኣለዎም። ገለ ካብቶም ኣብ 2025 ንብዙሕ ሰብ ከምመጥቀሚ መድረካት ዝኮኖም ዝተጠቕሱ ብሉፃት ማሕበራዊ መራኸቢታት *ፌስቡክ፣ ዩቱብ፣ ኢንስታግራም፣ ዋትስኣፕ፣ ቲክቶክ፣ ዊቻት፣ ቴሌግራም እና ስናፕቻት* እዮም።

**ተግባራት ማሕበራዊ ሚድያ፡-**

ማሕበራዊ ሚድያ ኣፕሊኬሽናት [መተግበርቲ] ብተጠቀምቲ ዝፍጠር ትሕዝቶ ንምፍጣርን ንምልውዋጥን የኽእሉ። ንሳቶም ከማይን ከማኻን ዝኣመስሉ ተጠቀምቲ ኣካላዊ ኣቀማምጣ ብዘየገድስ ትሕዝቶ ክሃልኹን ክዝርግሑን ኣብ ዝርርብ ክዋፈሩን ኣብ ሓቀኛ ግዜ ክራኸቡን የኽእሉ።

ማሕበራዊ መራኸቢታት ንውልቀሰባት ካብ ዝፈቕድሎም ተግባራት፡-

- ህዝባዊ ወይ ፍርቂ ህዝባዊ ፕሮፋይል ንምህናፅ
- ዝርዝር ናይ ምትእስሳራት ኣስፍር
- ዝርዝር ምትእስሳራቶምን ብኻልኦት ዝተሰርሑን ምርኣይን ምትሕልላፍን።

ኣብ ብዙሓት ሃገራት ከም ፌስቡክ ዝኣመሰሉ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንባህላዊ መራኸቢ ብዙሃን በሊፆም ቐንዲ ምንጪ ሓበሬታ ኮይኖም ኣለዉ። ዝተፈላለዩ ቴክኖሎጂታት ሚድያን ርክብን ዘወሃህዱ ዝተዋደዱ መድረኻት ብምኳኖም ካብ ቐንዲ ሚድያ ተመራፂ ይገብሩ።



**ንመሃሃር፡-** ዜግነት ዝመሰረቱ ጋዜጠኝነት ትበሃል እንተሎ ተራ ዜጋታት ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት መሰረት ጌሮም ኣብ ማሕበራዊ ሚድያታትን ናይ ትእስስር ገፃትን ዜና እንትሰርሑ ምርኣይ ምዕዛብነ ዘጠቓለለ ጉዳይ ጋዜጠኝነት ማለት እዩ።

**ኣብ ማሕበረሰብ ዘለዎ ፅልዋ፡-**

ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣወንታዊ ይኹን ኣሉታዊ ፅልዋታት ኣለዉዎ። እቶም መብዛሕትኡ ግዘ ዝግለፁ ድማ፡-

- ምውሳኽ ምትእስሳር፡- ማሕበራዊ መራኸቢታት ሰባት ርሕቀት እንተይዓቀቦ ምስ መቅርቦምን ቤተሰቦምን ንኽራኸቡ ይሕግዞም እዩ።
- ምልውዋጥ ሓበሬታ፡- ቅልጡፍ ምዝርጋሕ ዜናን ሓበሬታን ዘመቻቸዉ እዩ።
- ህንፀት ማሕበረሰብ፡- ተጠቀምቲ ናይ ሓባር ድልየታት ወይ ዕላማ ዘለዎም ናይ ኦንላይን ማሕበረሰባት ክፈጥሩን ክፅንበሩን ይኽእሉ።
- ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት፡- ማሕበራውን ፖለቲካውን ምንቅስቓሳት ክዕብዮም፣ ንቕሓት ክዕቢን ምልዕዓል ክፈጥር ይኽእል።
- ምፍጣር ቁጠባዊ ዕድላት፡- ንነጋዶም ሰብ ሃፍትን ናብ ሓደሽቲ ተዓዘብትን ዕዳጋታትን ክሰፍሑ መድረኻት የቕርብ።
- ፅልዋታት ጥዕና ኣእምሮ- ንጥዕና ኣእምሮ ፅልዋ ከሕድር ይኽእል እዩ። ብሰንኪ ምውድዳርን ሳይበር ምግንታልን ከም ጭንቀትን ትሑት ዓርሰ-ምትእምማንን ከምዙ ድማ ንዘይተደለየ ናይ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣጠቓቕማ ሱስ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ከስዕብ ይኽእል እዩ።
- ሕቶታት ብሕታዊነት፡- ብዛዕባ ድሕነት መረዳእታን ውልቃዊ ብሕታዊነትን ዝምልከት ሕቶታት የልዕል።
- ምዝርጋሕ ግጉይ ሓበሬታ፡- ንቕልጡፍ ዝርግሐ ግጉይ ሓበሬታ ከቃልዕ ይኽእል እዩ።
- ንምልውዋጥ ባህሊታት ይሕግዝ፡- ዓለምለኻዊ ምልውዋጥ ባህላዊ ሓሳባትን ኣሰራርሓታትን የስፋሕፍሕ እዩ።

### መዛተዩ ሕቶታት

- ኢንተርኔት እትጥቀመሉ ዕላማታት ንምንታይ እዩ?
    - *ኢንተርኔት ብዛዕባ እዋናዊ ፍፃመታት ዜና ንምንባብን ሓበሬታ ንምርካብን ይጥቀም*
    - *ንትምህርታዊ ዕላማታት ከም ናይ ኦንላይን ኮርሳት፣ መፅናዕቲ ወይ ትምህርቲ*
    - *ምስ ስድራቤትን ፈተውትን ብኢ-ሜይል ናይ መልእኽቲ መተግበሪታትን ብቪድዮ ፃውዒትን ንምርድዳእ*
    - *ንመዘናግዒ ኣገልግሎት ማለት እዉን ሙዚቃ ንምዝርጋሕ ቪድዮ ንምርኣይ ወይ ድማ ኣብ ኢንተርኔት ፀወታታት ንክንፃወተሉ*
    - *ንናይ ስራሕን ንግድን ንጥፈታት ከም ርሑቕ ስራሕ ናፃ ስራሕ ከምኡ ውን ዕዳጋ*
    - *ምራቆት፦ ንተሳተፍቲ ፈለማ ንሕድ ሕዶም ናብ ኣናእሽቱ ጉጅለታት ብምምቃል ቀፂልና ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ዕላማ ንመድቦም ንኣብነት (ኣብ ትምህርቲ ንግዲ ከምኡ ውን መዘናግዒ)። ካብዚ ብምቅፃል ነኒሕድ ሕዶም ረብሓታት ኢንተርኔት ኣብ ሕድ ሕድ ስርሖም ክመያየጡ ዕድል ፍመሎም።*
- እንታይ ዓይነት ውልቃዊ ማሕበራዊ ሚድያ ኣካውንት ኣለኩም?
    - *ሕተት፦ ተተሳተፍቲ ኹሎም ዝጥቀሙሉ ማሕበራዊ መራኸቢታት ክዝርዝሩ ሕተቶም። ከም ጉጅለ ብተግባር (ንኣብነት መርበብ ሓበሬታ፣ ዜና፣ መዘናግዒ፣ ሃርበኛ ብርዒ) ምድብዎም*

# 2. ሚድያን ተበዓሕነት ኣስተምህሮ ሓበሬታቶምን

***ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ዓሰርተታት ዓመታት ንባብን ፅሒፈትን ንምርዳእ ዝጥቀሙሉ ኣገባባት ቀስ ብቐስ ለውጢ ኣርእዮም እዮም።***

ምፅሓፍን ምንባብን ድሕሪ ሓዚ ቋንቋ ናይ ምንባብን ምፅሓፍን ምቑፃርን ምርዳእን ክእለት ጥራሕ ገይርኻ ኣይርአን እዩ። ምስ እዚ ለውጢ ተተሓሒዙ ድማ ሚድያን ሓበሬታን ኣብ ምቕናስ ድንቁርና፣ ምሃብ ኣስተምህሮ ወሳኒ ግደ ዝፃወት እዩ።

ሚድያን ሓበሬታን ትምህርትን ንሰብኣዊ መሰላት ብዘኽብር፣ ፈጠራዊ፣ ሕጋውን ስነ-ምግባራውን መንገዲ ሓበሬታን ፍልጠትን ንምርካብ፣ ንምትንታን፣ ንምግምጋም፣ ንምጥቃም፣ ንምፍራይን ንምትሕልላፍን ዘድልዩ ፍልጠት፣ ኣተሓሳስባ፣ ክእለትን ኣሰራርሓታትን ኣብ ምዕባይ ዕዙዝ ዉህደት እናፈጣረ እዩ።



**መዘኻኸሪ፦** ሚድያን ሓበሬታን ትምህርትን ኣተሓሳስባን ክእለትን ኣብ ምስፍፋ፣ ውልቀሰባት ትረኻታትን ብሚድያታት ዝቐርቡ መደባት፣ ትሕዝቶታት ክሓቱ፣ ክትንትኑ፣ መርማሪ መሓተት ብምቕራብ ካብዚ ተላዒሎም ምግማትን ምእማትን ክኽእሉ የኽእሎም እዩ።

## 2.1 ባእታታት ኣስተምህሮ ሚድያን ሓበሬታን

ተበፃሕነት ማለት ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታትን መድረኻትን ሓበሬታን ትሕዝቶ ሚድያን ምድላይ፣ ምውሳድን ምርካብን ዝግበር መስርሕ እዩ። ንሱ ድማ ኣገዳሲ ሓበሬታ ብብቕዓት ንምርካብ ከም ኮምፒዩተር፣ ስማርትፎናትን ቤተ-መፃሕፍትን ዝኣመሰሉ ብዙሓት ቴክኖሎጂታት ኸመይ ገይርካ ከም እትጥቀመሉ ምርዳእ ዘጠቓልል እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ እዚ ተበፃሕነት ንሓበሬታ ንምርካብ ዝዕንቅፉ ነገራት ከም ማሕበረ-ቑጠባዊ ረቛሒታት ወይ ቴክኖሎጂካዊ ድሩትነት ምፍላጥ እውን ዘጠቓልል እዩ።

በዚ ትርጉም እዚ ምብፃሕ ወይ ዕድላት ሚድያ ምህላው ቴክኖሎጂ መሳርሒታትን ኢንተርኔትን ሓሊፋ ብዛዕባ ሚድያ ብኸመይ ከም ዝሰርሕን ብኸመይ ብዝሓሸ መንገዲ ከም እትጥቀመሉን ብዕምቆት ምግንዛብ ኣገዳሲ ምኻኑ ዘርኢ እዩ።

**ትንታነ፦** ትንተና መልእኽትታት እንትበሃል ሚድያን ምንጪ ሓበሬታን ዕላማኦም ኣረኣእያኦምን ክህልዉ ዝኽእሉ ወገናውነትን ንምርዳእ ብኣገባብ ምምርማር ዘካተተ እዩ። ዝተሓሳለኸ ትሕዝቶ ሚድያ ኣብቶም ዝቖሙ ክፋላቱ ምብታን፣ ፈጠርቲ ትሕዝቶ ዝጥቀሙሉ መሰረታዊ ቴማታት፣ መልእኽትታትን ስነ-ቓላዊ ስትራተጂታትን ምልላይ ዘካተተ እዩ። ትንተና እንትበሃል ናይቲ ሓበሬታ ምንጪ ሓቀንነትን ተኣማንነትን ምግምጋም ከምኡ ድማ ኣብ መንጎ ሓቂን ርእይቶን ምፍላይ ከምኡ ውን ፅልዋ ባህላዊ ማሕበራውን ስነ-ሓሳባውን ረቛሒታት ኣብ ትሕዝቶ መራኸቢ ማዕኸናት ምፍላጥ፣ ምፍላይ ዘካተተ እዩ።

**ትሕዝቶ ሚድያ ንምትንታን ዝሕግዙ ሓሙሽተ ቁልፊ ሕቶታት**

- ነዚ መልእኽቲ መን ዘርጊሕዎ፣ ፈለማ ጠቂዕዎ ወይ ፈጢርዎ? (ፀሓፊነት)
- ኣቓልቦይ ንምስሓብ እንታይ ዓይነት ፈጠራዊ ሜላታት ተጠቒሙ? (ቕርፂ)
- ነዚ መልእኽቲ እዚ ካልኦት ሰባት ካባይ ብዝተፈላለየ መንገዲ ብኸመይ ክርድእዎ ይኽእሉ? (ተመልካቲ)

- ኣብዚ መልእኽቲ እዚ እንታይ ዓይነት ኽብርታትን ኣረኣእያታትን ይውከል ወይ ካብሉ ይግደፍ? (ትሕዝቶ)
- እዚ መልእኽቲ ስለምንታይ እዩ ዝለኣኽ ዘሎ? (ዕላማ)

**መዘኻከሪ፦** ናይዚ ባእታ እዚ ረብሓ ብጣዕሚ ዕዙዝ እዩ ስለመንታይ እንተይልና እቲ ቀዒሉ ዝሰዕብ ቁምነገር መሰረቱ ንሱ ስለዝኾነ። ፈጠራ ማለት ትሕዝቶ ሚድያ ብኣድማዕነትን ብሓላፍነትን ምፍራይን ምክፋልን ዘካተተ እዩ። ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምፍራይ ሚድያ ዘካተተ ኾይኑ ፅሑፍ፣ ስእሊ፣ ቪድዮ፣ ኤዲቲንግ ግራፊክ፣ ዲዛይንን ማልቲሚድያ ዘንታ ምዝንታውን ዝሓቖፈ እዩ። ምፍጣር ሕግታት መሰል ቀዳሕ ስነ-ምግባራዊ ርእይቶታትን ትሕዝቶ ሚድያ ኣብ ተዓዘብትን ማሕበረሰብን ክህልዎ ዝኽእል ፅልዋ ምርዳእ እውን ዘካተተ እዩ።

**ትርጉም ዘለዎ ትሕዝቶ ንምፍጣር ዝሕግዙ ቁልፊ ሕቶታት**

- እዚ ሓቂ ድዩ ወይስ ናተይ ርእይቶ ወይ ኻልእ?
- ምንጪ ናይዚ ሓበሬታይ እንታይ እዮም?
- ነዚ መልእኽቲ ዝተፈላለዩ ሰባት ብኸመይ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክርድእዎ ይኽእሉ?
- በዚ መልእኽቲ እዚ መን ክጥቀም ወይ ክጉዳእ ይኽእል?
- ሰባት ነዚ መልእኽቲ ንምምላስ እንታይ ዓይነት ስጉምቲታት ክወስዱ ይደሊ?
- እንታይ ሓሳባት ኽብርታት ሓበሬታ ወይ ኣረኣእያታት እዩ ዚሕብር?
- ኣብዚ ክፍለጥ ዝግብኦ ኣገዳሲ ክኸውን ዝኽእል ብስሕታን ወይ ኾነ ተባሂሉ እንታይ ተሪፉ ኣሎ?

**ነፀብራቕ ሓሳብ፦** ኣብ ትሕዝቶ መራኸቢ ማዕኸን ምሕሳብ ቁልፊ ንባብን ሚድያ ኾይኑ ውልቀሰባት መልእኽትታት ብነቓፈታዊ መንገዲ ክግምግሙን ወገናውነት ከለልዩን ይሕግዞም እዩ። ሚድያ ንዘለና ወይ ዝነበረና እምነትን ኣተሓሳስባናን የብልሕን ይቖርፅን እዩ። ስለዚ ነፀብራቕ ሓሳብ ፅልዋኡ ክንርዳእን ዝኾነ መሰረታዊ ኣጀንዳ መረዳእታት ኣብ ሕቶ ምልክት ክንኣቱን የኽእለና እዩ። እቲ ትሕዝቶ ብስምዒት ይኹን ብኻልእ መዳይ ብኸመይ ከም ዝፀለወና ንምርዳእ እውን ይሕግዘና እዩ።

ቅድሚ ምንፅብራቕኻ ትሕዝቶ ብዕምቆት ምትንታን ኣገደስቲ ርድኢታት ንምልላይ ይሕግዝ እዩ። እዚ ድማ ብግቡእ ዝተሰነየ መደምደምታ ንምብፃሕ ቐሊል ይገብሮ።



**ንጥፈት፦** ብሚድያ ኪኢላታት ንሓደ መልእኽቲ ሚድያ ብጥንቃቐ ድሕሪ ምትንታንን ምስትንታንን ብግቡእ ዝተሰነየ ትንታኔታት ኣሰላሲሎም ውሳነታት ይወስዱ። ዝወስድዎም ዝኾኑ ይኹኑ ስጉምቲታት ብሓላፍነትን ሃናፅን ዝኾነ መገዲ ክወስዱ ይመርፁ። ኣብዚ ክንርድኦ ዘለና ስጉምቲ ምውሳድ እንትብሃል ትኽክለኛ ሓበሬታ ንኻልኦት ክበፅ ንምግባር ምስቲ መልእኽቲ ዝተኣሳሰር ትርጉም ዘለዎ ዘተ ንምክያድ ፃዕርታት ምግባር፣ ኣሳታፊ ምግባርን ወይ እቲ ዘፅባ ንምፍታሕ ጥቡጥ ኣብ ተግባር ዝተመስረተ ምርመራ ብምክድ ተበፃሓይ ምግባር ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ዘጠቓልል እዩ።

## መፅናዕቲ ፍፃመ ዓውደዉነት ፅሑፍ ፲፦







**ህሉው ኩነታት፦** ሓደ ጉጅለ ተማሃሮ ካብ ባህላውን ዘመናዉን ማዕኸናት ዜና ዝመፅኡ ዜና ዝከታተሉ እካ እንተኾኑ ኣብዘም ክልተ ቓንላት ዜና ዝረከብዎ ሓበሬታ ኣብ ሓደ ፖለቲካዊ ፍፃመ ዋላ ውን እነተኮነ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ዝጋጮ ትረኻታት ከሕብራን ከውዕኣን ኣስተውዒሎም።

**ዕዮ:-**

- ነዞም ፀብፃባት ዜና ተንቲኖም
- ኣብ ክልቲኡ ፀብፃባት ዝተጠቕሙ ቅጥዕን ኣጀንዳን ሜላታትን ኣነፃፅርዎም ።
- ነፍሲ ወከፍ መውፅኢ ብመንገዲ ትረኽኡ ነቲ ኣጀንዳ ብኸመይ ይፀልዎ?
- ዝተፈላለዩ ምንጭታት ምርካብ ኣብ ሚዛናዊ ኣረኣእያ ንምርካብ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
- ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ትሕዝቶታት መሰረት ብምግባር ናይ ባዕልኹም ሚዛናዊ ሪፖርት ማሕበራዊ ሚድያ ፍጠሩ
- ኣብቶም ሓሙሽተ ባኢታታት ምምሃርን ምስትምሃርን ሚድያ ማለት እዉን ትንታነ፣ ፈጠራ፣ ነፀብራቕ ሓሰብ፣ ንጥፈትን ዓውደዉነት - ፅሑፍን ተንትኑ?

# 3. ናይ ፅልኢ ዘረባን ዓፀፋ ፅልኢ ዘረባን

## 3.1 ናይ ፅልኢ ዘረባን ሓደገኛ ዘረባን

*ናይ ፅልኢ ዘረባ:- ብመሰረት ውድብ ሕቡራት ሃገራት "ዝኾነ ዓይነት ዝርርብ ወይ ኮሚኒከሽን ኣብ ዘረባ ፅሑፍ ወይ ኣካይዳ ብዘዕባ ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ መንነቱ መሰረት ብምግባር ብኽልእ ኣዘራርባ ብሃይማኖቱ፣ ዓሌቱ፣ ብሄሩ፣ ዘርኡ፣ ሕብሩ፣ መበቆሉ ወይ ወልደቱ፣ ፆታኡ ወይ ኻልእ መንነታዊ ረቛሒ መሰረት ብምግባር ብዛዕባ መንነቱ ብዘረባ ብፅሑፍ ወይ ብባህርያትዝፍፀም ዘነኣእስ ወይ ዝፈላሊ ቋንቋ ዝጥቀቕ ወይ ዝጥቀም" ዝብል ትርጉም ይወሃቦ።*



ሓደገኛ ዘረባ:- ዝኾነ ዓይነት ኣገላልፃ (ዘረባ ፅሑፍ ወይ ምስሊ) ሰማዕቱ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ኻልእ ጉጅለ ንዝፍፀም ጥቕዓት ዕሽሽ ክብሉ ወይ ክሳተፉ ዝኽእል ሓደጋ ክውስኽ ይኽእል።

**ናይ ኢትዮጵያ ናይ ፅልኢ ዘረባ ኣዋጅ**

**ሕቶታት፡-** ብዛዕባ ሕጊ ፅልኢ ዘረባ ኢትዮጵያ እንታይ ትፈልጡ?




"ኣዋጅ ምክልኻልን ምፅፋንን ናይ ፅልኢ ዘረባን ሓበሬታ ዘይሓበረን ቑፅሪ 1185 /2020" ዝብል ትርጉም ፅልኢ ዘረባ "ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ወይ ኣብ ልዕሊ ሓደ ክርኣ ዝኽእል ጉጅለ መንነት ኾነ ኢልካ ፅልኢ፣ ኣድልዎ ወይ መጥቃዕቲ፣ ብብሄር፣ ሃይማኖት፣ ዓሌት፣ ፆታ ወይ ኣካል ጉድኣት ዝተመርኮዘ መጥቃዕቲ ዘስፋሕፍሕ ዘረባ" ክብል ይገልፆ።

**ብመሰረት ሕጊ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዝፍጠር:-**

- ኾነ ኢሉ ፅልኢ ኣድልዎ ወይ ጥቕዓት የለዓዕል።
- ኣብ ከም ብሄር ሃይማኖት ዓሌት ፆታ ወይ ኣካል ጉድኣት ዝኣመስሉ ረቛሒታት መሰረት ብምግባር ንሓደ ፍሉይ ጉጅለ ዒላማ ይገብር።

ናይ ፅልኢ ዘረባ ብዕላማ ዝገለፅ እምበር ጥቕዓት ወይ ምዝባዕ የስዕብ ድዩ ኣይፈጥርን ኣይኮነን ዘገድስ። ነገር ግን ነቑፍቲ ከም ዝብልዎ ኣብ ሞንጎ "ፅልኢ"ን "ኣድልዎን" ዝኣመስሉ ቃላት ዘሎ ንፁር ዘይኮነን ዘይቅፀል ክምኡ ውን ብነፃነት እዚኦምን ክምዚኦምን ዝበሉ ቃላት ንዘይ ምጥቃም እንተንፀገም ምርኣይ ልሙድ እዩ። ናይቲ ሕጊ መቕድም ብጉልባብ ምቅላስ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ኣቢሉ ሓሳብካ ብነፃነት ንከይትገልፅ ዝገብር እዩ ብምባል ነቓፈታዊ ረኢቶ ይዉሃቦ እዩ።

**ናይ ፅልኢ ዘረባ ተዛረብቲ ዝውሃብ መቕፃዕቲ:-**



፩/ ማንኛውም ሰው በዚህ አዋጅ አንቀፅ ፬ መሰረት የተከለከለውን የጥላቻ ንግግር ያደረገ እንደሆነ እስከ ሁለት አመት በሚደርስ ቀላል እስራት ወይም ከብር ፻ሺ ያልበለጠ መቀጮ ይቀጣል።

፪/ በጥላቻ ንግግሩ ምክንያት በግለሰብ ወይም በቡድን ላይ ጥቃት የተፈጸመ እንደሆነ ቅጣቱ ከአንድ አመት እስከ አምስት አመት የሚደርስ ቀላል እስራት ይሆናል።

፫/ ማንኛውም ሰው በዚህ አዋጅ አንቀፅ ፭ መሰረት ክልከላ የተደረገበትን ተግባር የፈጸመ እንደሆነ እስከ አንድ አመት በሚደርስ በቀላል እስራት ወይም ከብር ፶ሺ ባልበለጠ መቀጮ ይቀጣል።

፬/ የጥላቻ ንግግር ወይም የሐሰተኛ መረጃ ስርጭት ወንጀሉ የተፈጸመው ከአምስት ሺ በላይ ተከታይ ባለው የማህበራዊ ሚዲያ ገጽ ከሆነ ወይም በብሮድካስት አገልግሎት ወይም በየጊዜው በሚወጣ የህትመት ውጤት ከሆነ ቅጣቱ እስከ ሶስት አመት የሚደርስ ቀላል እስራት እና ከብር ፻ሺ ያልበለጠ መቀጮ ይሆናል።

፭/ ሐሰተኛ መረጃ በመሰራጨቱ ምክንያት በግለሰብ ወይም በቡድን ላይ ጥቃት የተፈጸመ ከሆነ፡ ሁከት ወይም ግጭት የተከሰተ እንደሆነ ከሁለት እስከ አምስት አመት በሚደርስ ቀላል እስራት ይሆናል።

1/ Any person who commits acts proscribed under Article 4 shall be punished with simple imprisonment not exceeding two years or a fine not exceeding 100,000 birr.

2/ If an attack against a person or a group has been committed as a result of a hate speech, the punishment shall be simple imprisonment not exceeding from one year up to five years.

3/ Any person who commits acts proscribed under Article 5 shall be punished with simple imprisonment not exceeding one year or a fine not exceeding 50,000 birr.

4/ If the offense of hate speech or disinformation offense has been committed through a social media account having more than 5,000 followers or through a broadcast service or print media, the person responsible for the act shall be punished with simple imprisonment not exceeding three years or a fine not exceeding 100,000 birr.

5/ If violence or public disturbance occurs due to the dissemination of disinformation, the punishment shall be rigorous imprisonment from two year up to five years.

*ክሳብ 2 ዓመት ማእሰርቲ ወይ ድማ ክሳብ 100,000 ብር መቕፃዕቲ። ናብ ጥቕዓት ዘብፅሕ እንተኾይኑ ማእሰርቲ ካብ 1 ክሳብ 5 ዓመት ይበፅሕ። ብማሕበራዊ ሚድያ ወይ ሚድያ ቻነላት ዝዝርጋሕ ናይ ፅልኢ ዘረባ ወይ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ክሳብ 3 ዓመት ማእሰርቲ ክሳብ 100 ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ክስዕብ ይኽእል።*

*በጥላቻ ንግግር አዋጅ መሰረት ሀግ ጥሶ የተገኘ ላይ የሚጣል ቅጣት*

## 3.2 እተ ናዩ ፅልኢ ዘረባ ማዕቀፍ

- **መልእኽቲ፦** ትሕዝቶ እቲ ዘረባ ብቐጥታ ድዩ ብተዘዋዋሪ?
- **ተዛራባይ–** እቲ ተዛራባይ ኣብቲ ማሕበረሰብ ዘለዎ ቦታ (ብርኪ ፅልዋ) እንታይ እዩ?
- **ሰማዕቲ፦** እቲ ዘረባ ንመን እዩ ተዳልዩ?
- **ማእከላይ ፦** ኣበይ ክዝረብ ወይ ክካፈል ይግባእ? ክሳብ ክንደይ ከተበፃሒነት ኣለዎ?
- **ዓውደ-ፅሑፍ፦** ማሕበራውን ታሪኻውን ዓውደ-ፅሑፍ እንታይ እዩ? እቲ መልእኽቲ ዝቐርበሉ ዓውደ-ፅሑፍ ምግላል ወይ ጥቕዓት ንምልዕዓል ዝዓለመ ድዩ? እቲ ዘረባ ክጎድኣሉ ዝኽእል ኣኽኣሎ ዝህብ ኩነታት ኣሎ ድዩ?

## 3.3 መርአዩታትን ምልክታትን ናዩ ፅልኢ ዘረባ

**ብፀርፊ ዝመልኦም ቃላት/ሓረጋት፦** መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ንፅልዋታት ንምጥንካር ንዝተገለሉ ጉጅለታት ንምፅላምን ንኣድልዎ ወይ ጥቕዓት ንምዕባይ ይጥቀሙሉ እዮም። ገለ ኣብነታት ናይቶም ኣብ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባታት ልሙድ ዝኾኑ ፀርፊ ዝመልኦም ቃላትን ሓረጋትን ዝስዕቡ ቀሪቦም ኣለዉ። ዓልየታዊ ፀርፊ፣ ሃይማኖታዊ ፀርፊ፣ ፆታዊ ቛንቛ ምስ ኣካል ጉድኣት ዝተኣሳሰር ፀርፊ ፅልኢ ወፃእተኛታት ወይ ሃገራዊ ቛንቛ ፅልኢ ዝመልኦ ጭርሖታት ወይ ጭርሖታትን ካልኦትን እዮም።

**ምቕንጣጥ ሰብኣዊ ኽብሪ፦** ንውልቀ ሰባት ወይ ጉጅለታት ካብ ሰብ ንታሕቲ ብምስኣል ሰብኣውነት ዝጎድሎ ምዝራብ መብዛሕትኡ ግዜ ብባህሪኦም ክፉኣት፣ ሓደገኛታት ወይ ትሕቲ ሰብ ዝኾኑ ዝገልፅ ቛንቛ ዝጥቀም እዩ። ሰብኣውነት ዝጎደሎ ዘረባ ንኣባላቱ ርህራሄን ሞራላዊ ሓልዮትን ብምንካይ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕላማዝ ተገበረ ጉጅለ ንዝፍፀም ጥቕዓት ወይ ኣድልዎ ንምምኽናይ ክገልግል ይኽእል እዩ። ንኣብነት ንሰባት "ተመን" ወይ "ጅብ [ዝብኢ]" ምባል ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።


**ዘይንፁር ቃላት ወይ ሓረጋት፦** ብላዕሊ ንፁሃት ወይ ንፁሃት ክመስሉ ይኽእሉ እዮም ግን ከኣ ንውልቀ-ሰባት ወይ ጉጅለታት ብመንነቶም ወይ ባህርያቶም መሰረት ዝዓለመ መሰረታዊ ትርጉማት ወይ ትርጉማት ዝሓዙን ኣብነት ከም በዓል "ጁንታ" ዝኣመሰሉ ቃላት እዮም።

**ኣብ ጥቕዓት ዝድርኽ ዘረባ፦** ኣብ ልዕሊ ውልቀሰባት ወይ ጉጅለታት ብመንነቶም ወይ ባህርያቶም መሰረት ዝፍፀም ተግባራት ጥቕዓት ወይ ጉድኣት ብቐጥታ ስለ ዘተባብዕ ወይ ዝዉግዝ ብምኳኑ ከም



ናይ ፅልኢ ዘረባ ኮይኑ ዘገልግል እዩ። እዚ ዓይነት ዘረባ እዚ ፅልኢ፣ ዘይምክኣልን ኣድልዎን ክሳወር ወይ ክቀፃፀል ከም ዘጋድድ ብምኻን ኣብ ጋህዳዊ ዓለም ንዝፍፀም ጥቕዓት ወይ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣበርክቶ ክገብር ስለ ዝኽእል ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ እዚ መደረታት እዚ ብቀጥታዊ ፃውዒት ጥቕዓት ወይ ምፍርራሕ ዝግለፅ እዩ። ንኣብነት ከም ቕተል ወይ ቕተልዎም፣ ኣጥቅዕ ወይ ኣጥቅዕዎም ብዝኣመሰሉ ቃላት ብቀጥታዊ ፃውዒት ጥቕዓት ወይ ምፍርራሕ ዝግለፅ እዩ።

**Targets of hate speech:** The pie chart below shows, hate speech broken down by slected identity groups. The more targeted groups are women and girls (21%), closely followed by Ethnic Oromos (19.1%) and Ethnic Amharas (16.7%). Other targets of hate speech include Orthodox Christians (8.7%), men (5.9%) and Ethnic Tigrayans (5.5%). The 'additional hate targets' category in the pie chart is comprised of all the other target groups out side of the top 5 most prevalent targets; this includes protestants, white people, atheists, multiracial people and Jews. The 'other target' category was selected in cases where hate speech targeting a protected characteristic was present, but it does not fall under any of the categories.




*Source:* ***Resources for Annotating Hate Speech in Social Media Platforms Used in Ethiopia:*** *A Novel Lexicon and Labelling Scheme, Nuhu Ibrahim, Felicity Mulford, Matt Lawrence and Riza Batista-Navarro*

## 3.4 ናይ ፅልኢ ዘረባ ምርኣይ/ዝርዝር መፈተሺ

- [ ] ካብዚኦም ሓደ (ዓልየት፣ ብሄር፣ ሃይማኖት፣ ኣካል ጉድኣት፣ ፆታ) ዝዓለመ ድዩ?
- [ ] ካብዞም ባህርያት ሓደ ኣለዎ ድዩ (ምግፋዕ ጥቕዓት ምልዕዓል ስጉምቲ ምፅዋዕ ወይ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምህላው) ?
- [ ] ንተዓዘብቲ ንኽፀርፋ/ክሕፍሩ ንኽፈላልዩ ንኽኢገዱ ወይ ኻልእ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ከለዓዕሉ ይደፍኦም ድዩ?
- [ ] ተዓዘብቲ ክዓልዉ ክቐትሉ ክዘምቱ ከጥቅዑ ክመዛበሉ ወይ ኻልእ ዓይነት ኣካላዊ ጥቕዓት ክፅውዑ የተባብዖም ድዩ?
- [ ] ተዓዘብቲ ስጉምቲ ዝወስድሉ ምቹዉ ኹነታት ኣለዎም ድዩ?

### መዛተዩ ሕቶታት

- ንዓኻ ወይ ንኻልኦት ዒላማ ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባ ኣጋጢሙካ ይፈልጥ ድዩ?
  - *ንተሳተፍቲ ተኸባቢሮም ኣብ ውሑስን ናይ ዘተ ቦታ ብምኻን ተመኩሮታቶም ከካፍሉ ኣተባብዕ።*
  - *ኣብነት፦ "ኣብ እዋን ፖለቲካዊ ዘተ - ብዛዕባ ንዝተወሰኑ ወይ ሓደ ሓደ ማሕበረሰባት ዘነኣእስ ቃላት ሰሚዐ እየ" ብዝብል ዛዕባ ይዘተዩ።*
- መርኣዩታት ናይ ፅልኢ ዘረባ እንታይን እንታይን እዮም?
  - *ንሓደ ፍሉይ ጉጅለ ዝዓለመ ፀርፊ ዝመልኦ ቃላት፣ ዘዋርድ ወይ ንዕቀት ዝመልኦ ሓረጋት ምጥቃም።*
  - *ኣብ ልዕሊ ሓደ ብሄር፣ ሃይማኖት፣ ፆታ ወይ ኻልእፈልዩ መንነታዊ ረቛሒታት ጥቕዓት ወይ ምግሳል ምፅውዕ።*
  - *ምራቆት፦ ዝተፈላለዩ መርኣይ ክኮኑ ዝክእሉ ዘረባታት በምቅራብ (ኣብ ወድዓዊ ናይ ፖለቲካ ዓለም ብዘይምካን) ተሳተፍቲ ንቶም ቅድም ክንብል ዘቅረብናዮም መርኣይ ዘረባታት ደረጃ ናይ ፅልኢ ዘረባነት የማልኡ ዶ ኣየማለኡን ኢልኩም ሕተትዎም።*

- ንሓደ ዘረባ ሓደገኛ ወይ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ዝገብሮ እንታይ እዩ?
  - *ኩሉ ናይ ፅልኢ ዘረባ ናብ ጥቕዓት ከም ዘምርሕ ግለፅ፣ ሓደገኛ ዘረባ ግን ነቲ ሓደጋ ከም ዝውስኾ ግለፅ።*
  - *ሕተት፦ 5 ደቂቃ ብምውሳድ ኣብ ኢትዮጵያ ብታሪክ ኣብ ቀረባ ይኩን ኣበ ሩሑቅ ግዘ ኣጋጢሞም እትብልዎም ጎንፅታት ሕሰቡ። ድሕሪ እዚ ኣብ ሕድ ሕድ ሕሉፍ ጎነፅታት ናይ ፀልኢ ዘረባ ከም መበገሲ ጎንፂ ኮይኑ ዝረከብኩምሉ ግዜ ኣለኩም ዶ?*
- ሓደገኛ ዘረባ ንምልላይ ክሕተቱ ዘለዎም ቐንዲ ሕቶታት እንታይ እዮም?
  - *መን እዩ ነቲ መልእኽቲ ዘብፅሕ ዘሎ ንሰባትከ ይፀልዉዎም ድዮም?*
  - *ታሪኻውን ማሕበራውን ኹነታት እንታይ እዩ? ዝፀንሐ ጎንፂ ወይ ወጥሪ ኣሎ ድዩ?*
  - *ሰማዕቲ ነዚ መደረ እዚ ብኽመይ ክትርጉምዎ ይኽእሉ?ጥቕዓት ከተባብዕ ኽ ይኽእል ድዩ?*
- ንፅልኢ/ሓደገኛ ዘረባ ንምምካት ዝበለፀ ኣገባብ እንታይ እዩ ትብሉ?
  - *ምራቆት፦ መርኣይ ኩነታት ኢንተርኔት መሰረት ዝገበሩ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ኣበይ ይርከቡ። ኣብ ኢንተርኔት ዝመሰረቱ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ተሳተፈቲ ካብ ካለኦት ንዝለኣክዎ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብካልእ ናይ ፅልዚ ዘረባ እንትምልሱን ዝጠቀመዎ ሜላታትን።*
- ኣብ ማሕበረሰብኻ ንዝፍፀም ፅልኢ ዘረባ ንምምካት ካብቶም ዝተገለፁ ወፃኢ ኻልእ ሜላታት ኣጋጢሙካ ድዩ?

## 3.5 ምቅዋም፣ ፅልኢ/ሓደገኛ ዘረባ

**ፀረን ኣማራፅን ትረኻታት**

ፀረ-ትረኻታት እንትበሃል ንፅልኢ ዝመልኦ መልእኽትታት ብፀረ-ምጉትን መንደርደሪ ሓቂታቶም ብምፍራስ፣ ብምድህማስን ወይ መሊስኻ ብሓዱሽ ተረኽ ክቃነዩ ብምግባር ብቐጥታ ዝምለሱሉን ዝትንተነሉን ኽይዲ እዩ። ብኣንፃሩ ኣማራፂ ትረኻታት ኣወንታዊን ንኹሉ ዝሓቁፍን ኣተሓሳስባ ኣብ ምዕባይ ዘተኮረ ኾይኑ ማሕበረሰብ እዉን እቶም ናይ ፅልኢ ዘረባ ዝዝርግሑ ሓዱሽ ኣረኣእያታት ንኽሓስቡ ዘተባብዕ ሃናፂ ሓሳባት የቕርቡ እዮም። ክልቲኦም ስትራተጂታት ኣወንታዊ ዲስኩር ንምድንፋዕን ጎዳኢ ትረኻታት ንምድኻምን ዝዓለሙ እዮም።

**እቶም መብዛሕትኡ ግዜ ዝጥቀሱ ኣርባዕተ ኣማራጺ ትረኻታት እነሆ፦**

**ጥቡጥ ኣማራጺ ትረኽ፦** እዚ ኣማራጺ ትረኽ እዚ ንፅልኢ ዝመልእ ዘረባ ንምምካት ትኽክልን ኣብ ጥብጢ ዝተመርኮዘን ሓበሬታ ዘቕርብ እዩ። ብሓበሬታ እናኣታኣኸኸበ፣ ብስታቲስቲክስን ተኣማንነት ዘለዎም ምንጭታትን ተጠቒሙ ናይ ሓሶት ኣበሃህላታት ብምንፃግን ንኻልኦት ንምምሃርን ይሰርሕ። **ኣብነት፦** ንሓደ ገበነኛ ብሄር ተባሂሉ ዝተሰየመ ብሄር ዒላማ ዝገበረ ናይ ሓሶት ክስታት ንምፍሻል ትኽክል ፍፃመ ስታቲስቲክስ ገበን ዘርኢ እዩ።


**ሞራላዊ ኣማራጺ ትረኽ፦** እዚ ትረኽ እዚ ንስነ-ምግባራውን ሞራላውን ኽብርታት ዝማርኽ ኸይኑ ንሓባራዊ ሰብኣዊ ኽብርታትን ርህራሄን ዘጉልሕ እዩ። ፅልኢ ዝመልእ ዘረባ ኣብ ውልቀ ሰባትን ማሕበረሰብን ዘስዕቦ ጉኣት ብምጉላህ ሳዕቤን ንምርኣይ ዝፍትን እዩ። **ኣብነት፦** ኣብ ኣንፃር ዕላማ ዝገበረ ሃይማኖት ዝግበር ናይ ፅልኢ ዘረባ ንምምካት ናይ ሓባር ኽብርታት ርህራሄን ኣገልግሎት ማሕበረሰብን ምጉላህ ዝፍትን እዩ።

